ሕዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.77 | ቀዳም 28 ሕዳር 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3 ቁጽሪባይ (0)



ገጽ 4 "ከውሒ፡ንፉዕ ሰብ እንተረኸቡ፡ ሰውሒሩ!" ...



ገጽ 5 ሕማም ሻቕሎት



ገጽ 8 ምንባር ኣይድገምን'ዩ



ገጽ 10 "ሓንሳብ ሞውዳቕ ግለት ናይኩሉ ግዜ ውድቀት..."



ኤርትራ፡ ኣብ ጉባኤ ኣህጉራዊ ማሕበር ቴለኮሚኒኬሽን ተሳቲፋ

ኤርትራ፡ "ብሓባር ናብ ድጅታላዊ መጻኢ መራኸቢታት" ብዘብል ቴማ፡ ካብ 9 ክሳብ 27 ሕዳር ኣብ ኣ'ደውሓ - ቐጠር ኣብ ዝተቃነዐ መበል 22 ጉባኤ ኣህጉራዊ ማሕበር ቴለኮሚኒኬሽን ተሳቲፋ።

ኣብ'ዚ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣርባዕተ ዓመታት ዝኾደድ ጉባኤ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሃገረ ቐጠር ኣቶ ዓሊ ኢብራሂምን ቀዳማይ ጸሓፌ ኣብ'ቲ ኤምባሲ ኣቶ መሓመድ ዑሶማን መሳጎን ተሳቲፎም።

ቀዳማይ ጸሓፌ ኣቶ መሓመድ ዑሶማን መሳ ኣብ ዘስመየ መደረፊ፡ ቴክኖሎጂ ጽላት መራኸቢታት ብውሑዳት ሃገራት ዝቡላት ዘይኮኑ፡ ንኹለን ኣባል ሃገራት ዝሸፍን፡ ፍትሓውን ሓባራዊ ዕድል ዘርሒን ክኸውን ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ኣብ'ዚ ወከልቲ 176 ኣባል ሃገራት ዝተሳተፋዎ ጉባኤ፡ ብዞዕባ መጻኢ ቴክኖሎጂ መራኸቢታት ብሓፈሻን ምስፋሕ ሽፈነኡን ድማ ብቐንዱ ኣብ ዝምልከት ስትራተጅያውን ፋይናንሳውን ጉዳያት ድሕሪ ዝተገብረ ዘተ፡ ካብ 2027 ክሳብ 2030 ናይ ዘገልግሉ ሓደስቲ ኣካላት ምርጫታት ተካየዱ።

ኤርትራ፡ ካብ 1993 ኣባል ኣህጉራዊ ማሕበር ቴለኮሚኒኬሽን ምኻና ዝፍለጥ'ዩ።



ሳዋ - ቅነ መንእሰያት ተመሃሮ ዋርሳይ-ይኸኣሎ ጀሚሩ



"ሳዋ፡ ፍናት ብሩህ መጻኢ" ብዘብል ቴማ ዝተወደበ ትምህርታዊ፡ ባህላውን ስፖርታውን ቅነ መንእሰያት ተመሃሮ ዋርሳይ-ይኸኣሎ፡ ትማሊ 27 ሕዳር ብልዑል ማዕርግ ፈሊመ።

እዚ ዓመት-መጸ ድሕሪ ምዝዛም ፈተና ቀዳማይ ሰሚስተር ዝኾደድ፡ ብምውህሃድ ሃማሙተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን፡ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎትን ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይኸኣሎን ዝውደብ ቅኑ ውድድራት ድራማ፡ ሓጺር ዛንታ፡ ምህዙ ግጥሚ፡ መደረፊ፡ ከምኡ'ውን ትምህርታዊ ትሕዝቶታት ዘጠቓልል ባይታ ብምፍጣር፡ ተመሃሮ ከም ዝኾነ ንምግባር ዝዓለመ'ዩ።

ኣብ'ቲ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት ተረኺባ ቃል ዘስመዐት ሓላፊት ሃማሙተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን ወ/ሮ መንሱራ እስማዒል፡ ፍልጠትካ እናዕቦካ ምስ ክብርታት ሕብረተሰቡካ ምልላይን ንምዕቃብ ምስራሕን ዜግነታዊ ግዴታ ምኻኑ ብምብራህ፡ ኑቲ ቅነ ንዝወደቡን ንዝካይዱ ዘለዉን ኣካላት፡ ከምኡ'ውን ብሓያል ናይ ውድድር መንፈስ ንዘኣቱ ዘለዉ ተመሃሮን ኣመስጊና።

እቲ ዝኾደድ ዘሎ ባህላውን ትምህርታውን ቅኑ ኣቐዲሙ ኣብ መንኮ ተመሃሮ ቡብኣሃዱኣም ክኾደድ ዝጸንሐ ኮይኑ፡ ብዋርኹፍ ክሳብ 29 ሕዳር ክምዝቐጽል፡ ወኪል ኤረና ሓቢሩ።



መንደፈራ - መዓልቲ ሓረስቶት ተዘኪራ

ብርኒት ኤቶት ዝርገቦ ምሩጽ ዘርኢ፡ ዕፉን ናይ ምብዝሕ ዕዮ ብዘለዎም ደስራሑሉ ከምዝኾነ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ክኢላ ልምዮት ብቑዕሊ፡ ኣቶ ፍህደኣ ተስፋጸዮን ብምኽንያት መዓልቲ ሓረስቶት ብ25 ሕዳር ኣብ ኩዶፈላሲ ምስ ሓረስቶት ኣብ ዝተኻየደ ርክብ ገለጸ።

ምድቓል ዘርኢ፡ ዕፉን ኣካል መደብ ንኡስ ርኩስ ቃጽያ ሕርሻ ኩይኑ፡ ኣብ ግራት ሓረስቶት ንምትግባሩ ዝኾደድ ጻዕሪ ዕወት ምኻኑ ብምጥቃስ፡ ዝ. ኣብ ሜዳታ ካብ 60 ክሳብ 80 ኩንታል ዝሕፈሶ ናይ "ሳልሳይ ወለዶ" ዝተሓቐለ ዕፉን ሓረስቶት ብበየነ ክጥቀሙሉ ተማሕጸነ።

ምሩጽ ኣዘርኢቲ፡ ሕማምን ደርቂን ናይ ምጽዋር ኣቕሚ ከምዝለዎ ዝሓበራ ክኢላታት ሕርሻ፡ ጸብቐ ክሽነን ክትትልን ምስ ዘግበረሉ ዝተሓሸፈ ምህርቲ ከምዝህብ ብምብራሑ፡ ብኡቲ ውጥንታውያን ሓረስቶት ዝተግበር ዘሎ ምሩጽ ዓሌታት ዕፉን ናይ ምብዝሕ መደብ ጠለዮት ሓረስቶት ዘማልኣ ስለዘኾነ፡ ብትግሮት ክሰርሑሉ ኣተሓሳሰቡ።

ኣቦታዊ ሓረስታይ ኣቶ ካሕሳይ ሃይለ ብወገኑ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኤቶታን ኤቶታውትን ንምዕባይን ንምኽዕባትን ቡቡኣኦ ምሩጽ ኣዘርኢቲ ብምድላው ከሳይዱ ንዘጽንሐ ጻዕሪ ብሞጥቃስ እቲ ምሩጽ ዘርኢ ኣርኬሐ ስለዘኾነ ብዘለዎ ከምዝህብራሉ ኣረጋገጸ።

ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ሚኣለ ተኽሉሚኤልን ሓላፊ በትጽሕፈት ሕርሻቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ በረኸት ተኽለሰላሴን ብወገኖም፡ ሓረስቶት ብሞያውያን ንዘዛወሃም ምኽሪ ብዘየነኽ ምትግባርም ድሕሪ ምምጻኡ ምትሕብባርም ከዐዘዙ ተጓቢዖም።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ነብ. ኩዶፈላሲ ኣቶ በረኸት ከሱተ ድማ ዝኾደድ ዘሎ ምድቓል ዘርኢ ዕፉን ረብሓታቱ ብዘኸ ስለዘኾኑ፡ ሓረስቶት ነዘወትርዎን ፍልጡዮም ናብ ካልኦት ከመሓላልፉን ኣዘኻኺሩ።



ዜና

ሓመልማሎ - ሕብረተሰብ ንረብሓታት ቅድመ-ትምህርቲ ክግንዘብ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ገዛእር ወፍሪ ንኽዕወት፡ ሕብረተሰብ ንዘኽፈታ ዘለዋ ትሓሳት ብምጽዓት ክጥቀመሉንን ኣብ ምዕባለኦን ኣወንኡዮ ክጉበርን፡ ኣመሓዳሪት ንኢሰ ዞባ ሓመልማሎ ወ/ሮ ኣምና ሓጅ ምስ ሃገርቲ ኣብ ዝገበረቶ ርክብ ኣዘኻኺሩ።

ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ፡ ልዑል ርእሱተኣማንነት ዘለምዓ፡ ተበላሓቲነን ተመራመርትን ቁልዑ ኣብ ምኽኻእ ልዑል ኣገዳሲነቱ ስለዘለዎ፡ ከሉ ኣኽል ሕብረተሰብ ኣእጃሙ ክልዕል ደማ ጸዊዑ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤልን ሓለፊት ኣሃዱ ቅድመ-ትምህርቲ መምህር ትዕግስቲ መሓሪን ብወሃህድ፡ ኣብ እዋን ናጽነት ብደረጃ ዞባ 3 ዝሸበራ ትሓሳት ቅድመ-ትምህርቲ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ 345 ነፀምዘጽሓ፣ እተን 10 ሚእታዊት ካብኣተን ድማ ኣብ ንኢሰ ዞባ ሓመልማሎ ነፀምዘንበባ ኣብርሀያም።

ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ገዛእር ወፍሪ ንኽዕብ፡ ተራ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ፡ ክዳንዘዘ ብምገሃሽኻር፡ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዘይተጸንረ ቁልዓ ንኽይህሉ፡ ዳህላዊ መጸናዕትን ቁጽጽርን ክሕይል፣ ነሞኡ'ውን ምጥርናፍ ዓድታት ክድፋኡ ብዙሃነኽ ኣተሓሳሰቦም።

ሓላፊ ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ዓንሰባ ኣዩ ተኸኒቱ ዘርኢዩ ብወኪ፡ ቁልዑ ሓላፍነታውያንን እሩማትን ኮይኖም ንኽዮጉዑ፡ ሓልዮትን ፍቕሮን ነፀገረሉም ተማሕጺኑ።

ኣብ ንኢሰ ዞባ ሓመልማሎ፡ 1,750 ተመሃሮን 146 መምህራንን ዘለወወን 31 ትሓሳት ቅድመ-ትምህርቲ ኣለዋ።

ብቮልኢ ወገኑ ኣብ ንኢሰ ዞባ ሃገሮ ኣብ ሚሊታት ኣመሓራ ዘተኩረ ስልጠና፡ ንሓደስቲ መምህራን ተዋሂቡ።

እቲ ካብ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ንዘተዋጽኡ መምህራን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ምሕደራ ክፍሊ፡ ምድላው ውጥኡ ነሞኡ'ውን ሚሊታት ማምኮግ ተመሃሮ ዘጠቓለለ ምንባሩ፡ ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኢሰ ዞባ መምህር ዑስማን መሓመድ-ኣድም ገለጸ።

ደቡብ - ደግሲ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምክል'ኻል ጎስጓሳት ክድፋኡሉ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ኣብ ዞባ ደቡብ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብምወሓህድ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና መሻርኽቲ ኣኽላትን ናብ ዝተሓተ ደረጃ ዝመረዱ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ከይደግሙ፡ ተወሳኺ ግንዛበታትን ዕቱብነትን ንምዝድላይ፡ ብ25 ሕዳር ኣብ መንደፈራ ኣብ ዝተዋህበ ጥዕናዊ ኣስተምህሮ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ኣብ'ቲ ሓለፍቲ ሃማይኤ ኣብ 12 ንኡሳን ዞባታት ዝርኸቡኡን ኣባላት ማሕበር ዝተሳተፍኡ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ደቡብ ኣመሃዳሪት ሓብረታን ግንዛበን ሰጸተር በለጠች ንብረኣቡ ብዘዕባ ኩነታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ፡ ነድሪ ጸላም ኮብድን ዓሾን ክዋዘር ዝኾበኡ ጥንቃቐን ዝርዝራዊ መብርሂ ሂቡ።

ብጀታዊ ርኽብ ዝመሓላለፉ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስን ነድሪ ጸላም ኮብድን ብወሁድ ሚዲኣት ምኽልኻልን ፍወሳን ክንቀጽጸርም እንከኽኤል ሕምማት ምኳናም ዝሓብረት ሰጸተር በለጠች ብሃንሽ፡ ሽለልትትን ድሩት ንቕሓትን ሓሓሊፉ ዝርኢ መልክፍቲ ንምውጋድ፡ ተወሳኺ ግንዛበት ነፀማዘደለ ኣጋዘቢኡ።

ሕማም ዓ'ውን ብሃንሽ ስፍሖ ከብቢኖ ጽሪት ዘይምኪያድን ናመሲየ ብምግቦእ ዘይምጥቃምን ምሉእ ብምሉእ ክወገድ ነፀማዘይተኻእለ ብምግላጽ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ዝርኢ ዘሎ ዝናብ ቀውዓ፡ ንምርባሕ ጣንጡ ዝሕግዝ ስለዝኾኑ፡ ሕብረተሰብ ክሸቕሓሉ ተጫቢኖ።

ሓላፊት ሃማይኤ ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ሰናይት ኣፈወርቂ ብወኹ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ኣስተምህሮ ምውሓስ ድሕኑት ሕብረተሰብ ስለዝኾነ፡ ተሳተፍቲ ኣብ መደባቱን ስረወን ብዕቱብ ክንሰንሳ ኣዘኻኺሩ።



ጊንዳዕ - ኣብ ሰረታዊ ምህሮ ስልጠና ተዋሂቡ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ምስ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምወሓህድ፡ ኣብ ምሕጋዝ ድኾምት ዘርኣዩ ተመሃሮ ዘተኩረ ስልጠና ኣንበብ ኣመሃህራ ሰረታዊ ምህሮ፡ ካብ 21 ክሳብ 23 ሕዳር ኣብ ጊንዳዕ ወዲቡ።

ኣብ'ቲ ስልጠና፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊታት ናይ'ቲ ዞባ ካብ ዝርከቡ 52 ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተዋጽኡ ልዕሊ 300 ሓላፍቲ ኣብያተ-ጽሕፈት ትምህርቲ፡ ርእሰን-መምህራንን መምህራንን ተሳተፍዎ።

እቲ ስልጠና፡ ብመሳረት ዝተኾደደ መጽናዕቲ ዝተለለየ ጠንቂታት ትሑት ብቐዓት ተመሃሮ ክፈትሕ ትጽቢት ከምዝነበረ፡ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ መምህር ረሺድ መሓመድ-ዑስማን ሓቢሩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ጨንፈር ምርግጋጽ ብቐዓት መምህር ኣብርሃም ተኽለ ብወኹ፡ እቲ ብምክሪት ክኢላታት ምምዕባል ካፍሕሎም ብኽልኡ ሓሳብን ግብርን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣብ መሳርሕ ምምህርን ምስትምህርን ኣስተዋጽኡ ነፀገፀቡር ገለጹ።

ደ/ቀ/ባሕሪ - ዑደት ናብ ታሪኻውን ልምዓታውን ቦታታት ተኻየዱ

በትጽሕፈት ህግደፍ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ዝወደቦ ዑደት ናብ ታሪኻውን ልምዓታውን ቦታታት፡ ብ22 ሕዳር ኣብ ን/ዞባ ዓሰብን ደቡብ ደኽልን ተኻዪዱ።

ተሳተፍቲ፡ ስልጠና ማሕበራዊ ሰ-ፍልጠት ክወስዱ ዝቐሸ ኣባላት ንኢሰ ጨናፍር ኮይኖም፡ ኣብ ዝወጽሕዎ ቦታታት መግለጺ ተዋሂቦምሉ።

እዚ ነፀመ'ዚ'ሉ እኽሌ፡ ካብ 13 ክሳብ 22 ሕዳር መሳቓቕሒ ትምህርቲ ማሕበራዊ ሰ-ፍልጠት ዝቐሰሙ ካብ ዝተፈላለየ ትሓሳት መምህራትን ህዝቢን ዝተዋጽኡ ስልጠንቲ፡ ብ23 ሕዳር ተመሪቖምሉ።

ሓላፊ ፖሊቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣብ'ቲ ዞባ ኣቶ ገብረሂወት ተስፉይ ኣብ ዝጸቦ መግለጺ፡ እቲ ስልጠና ኣብ ተራ ንቑሕ ካድር፡ ወሳኽነት ክብርታት፡ ትምህርቲ ሞያን ቴክኖሎጅን፡ ፖለሲ. ወጻኢ. ዝምድናታት ኤርትራ፡ ተራ ደቂኣንስትዮ ኣብ መኸተን ልምዓትን፡ ነሞኡ'ውን ሕሚን ሕጋጋትን ዝብል ኣርእስትታት ዘጠቓለለ ምንባሩ ኣረዲኡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደብላዊ ቀደሕ ባሕሪ ኣምባየር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ኣብ ዘስመየ መዘኾሚ ቃል፡ ኣብ ከሉ ጽናሕታት ዘሎ ውዳበታት ህግደፍን መሓውራቱን ምሕያል፡ ደጽናሓሊይ ዘዋድልዮ ዕማም ነፀገሾኡ ብምሕባር፡ ብመንገዲ ስልጠናታትን ካልኣ ንጥፈታትን ክድፋኡሉ ኣዘኻኺሩ።

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሰዓት መደብ

09፡00 ሃገራዊ መዝሙር
09፡05 ኤርቢኽስ
09፡30 ሃሎ ቁልዑ
10፡05 ፓኖራማ
10፡30 ጨራ ጥዕና
11፡00 ስፖ ሰፖርት
12፡30 ዜና (ትግርኛ)
12፡55 ሱዳዊት ፊልም 'ትም ምባል ስለዝመረጸ' (5ይ ክፋል)
13፡30 ዜና (ዓረብ)
13፡50 መልሲ. ኣብ መሳመር
14፡30 ናትራን
17፡00 መራት፡ ማይን ኣህበን
17፡35 ሳይዳ
18፡40 ደረትቃና
20፡00 ዜና (ትግረ)
20፡13 ፊልም ሕድጋት
21፡00 ዜና (ትግርኛ)
21፡25 ተክ ኢንሳይት
22፡00 ዜና (ዓረብ)
22፡10 ድራማ
22፡30 ዜና (እንግሊዝ)

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቀ.ሰ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቀ.ሰ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍሰሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ስሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣደም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቀ.ሰ.113395-07588045
ምልክታ
ቀ.ሰ. 125013 - ቀ.ሳ.ጸ. 1284

ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፈል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

ቁጽሪ ባዶ (0)

ሙሓመድ ኢብን ሙሳ አል-ኽዋሪዝሚ

ኣቦ ኣልጀብራን ፈጣሪ ዘመናዊ ሕሳብን

ኣብ ታሪኽ ደቂ ሰብ ካብ ዝተረኽቡ ኣዝዮም ዓበይትን ጽልዋ ዘሎዎምን ሊቃውንቲ ሕሳብ ሓደ፡ ሙሓመድ ኢብን ሙሳ አል-ኽዋሪዝሚ እዩ። “ኣቦ ኣልጀብራ” ተባሂሉ ዝፍለጥ ድማ ይፍለጥ። ንዓለምና ዘመናዊ ኣገባብ ቁጽርታትን ክልሰ ሓሳብ ሕሳብን ብምሃብ፡ መጻኢ ሰልጣነ ደቂ ሰብ፡ ዲጂታላዊ ተክኖሎጂን ኮምፕዩተርን ክውን ክኸውን ዘኽኣለ ፈላሚ ሰነ ፍልጠተኛ እዩ።

አል-ኽዋሪዝሚ ኣብ ከባቢ 780 ሓብራዊ መዋእል፡ ኣብ ኽዋሪዝም፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኡዝቡኺስታን ተባሂላ እትፍለጥ ኣብ ዞባ ማእከላይ እስያ እትርከብ ሃገር፡ ተወሊዱ። መብዛሕትኡ ህይወቱን ፍርያት ስርሑን ግን ኣብ ኩተማ ባቕዳድ (ርእሰ ኩተማ ዒራቕ) እዩ ኣሕሊፉዎ። እቲ እዋን’ቲ፡ ዓረባዊ ሰልጣነ ኣብ ናይ ሰነ ፍልጠትን ፍልስፍናን ወርቃዊ ዝነበረሉ እዋን’ዩ ነይሩ።

አል-ኽዋሪዝሚ ኣብ ባቕዳድ ብኽሊፋ አል-ማሙን ዝተመስረተ ‘ቤት ጥበብ’ (በይት አል-ሒክማ) ኣብ ዝተባህለ ዓቢ ናይ ምርምርን ትርጉምን ማእከል መራሒ ሰነ ፍልጠተኛ ኩይኑ ይሰርሕ ነበረ። ኣብዚ ማእከል፡ ካብ ጥንታውያን ግሪኽ፡ ፋርስን ህንድን ዝነበሩ ናይ ሕሳብን ሰነ ፈለክን ጽሑፋት ብምእካብ፡ ብምትርጓምን ብምስፋሕን ሓደስቲ ፍልጠታት መሃዘ። ኣብ ከባቢ 850 ሓባራዊ መዋእል ከም ዝዓረፈ ይእመን።

እቶም ዓበይቲ ዓወታትን መሃዝኑቱን

1. ምምሃዝ ኣልጀብራ (Algebra)

ዓቢ ዓወት አል-ኽዋሪዝሚ ‘ኪታብ አል-ጀብር ወል-ሙቃባላ’ ዝተባህለ መጽሓፉ እዩ። እታ ‘አል-ጀብር’ እትብል ናይ ዓረብኛ ቃል እያ ጸኒሓ ናብዚ ሎሚ ‘ኣልጀብራ’ ዝብል ዓለምለኻዊ ናይ ሕሳብ ክፍሊ ተቐይራ። ንሱ ንመጀመርያ ግዜ ስሩዕ ብዝኾነ መገዲ፡ ዘይፍለጡ ቁጽርታት (variables ከም x’ን y’ን) ተጠቒምካ ምዕሪታት (equations) ብኽመይ ከም ዝፍታሕ ኣርኣየ። እዚ ሓሳብ፡ ንሕሳብ ካብ ግኡዝ ቁጽርታት ናብ ረቂቕን ሰፊሕን ሰነ ፍልጠት ኣሰጋገሮ።

2. ናይ ‘ስልተ ቀመር’ (Algorithm) መበገሲ

እታ ሎሚ ኣብ ኮምፕዩተርን ሶፍትዌርን ኣዝያ ወሳኒት ዝኾነት ቃል ‘ኣልጎሪዝም’ ካብ ስሙ ‘አል-ኽዋሪዝሚ’ ካብ ዝብል ናይ ላቲን ቃል ‘ኣልጎሪትሚ’ ዝመንጨወት እያ። ሓደ ናይ ሕሳብ ግድል ደረጃ ብደረጃ ብኽመይ ከም ዝፍታሕ ዘርኢ ስሩዕ ኣገባብ ሰለ ዝመሃዘ፡ ናይ ዘመናዊ ኮምፕዩተር ሰነ ፍልጠት መሰረት ዝቐረጸ ዝብሃለሉ ደረጃ በጽሐ።

3. ናይ ህንድን ዓረብን ቁጽርታትን ባዶን ምስፋሕ

አል-ኽዋሪዝሚ ኣቲ ኣብ ህንዲ ዝተማህዘ ናይ ዓሰርተታት ኣቁጻጽራ (ደሲማላዊ ቁጽርታት) ኣጥኒዑ። ንሱ ኣብ ሓሳቡ ንዜሮ (0) ሓሳብን ምልክትን ብሰፊሑ ኣብ መጽሓፍቱ ኣፋለጠ። እዚ ኣገባብ’ዚ፡ ንናይ ሮማውያን ቁጽሪ ተኪኡ፡ ንዓለም ብምሉኡ ቀሊልን ቅልጡፍን ናይ ሕሳብ ዕዮታት ክሰርሕ ኣኽኣለ። እዚ ሎሚ ንጥቀመሉ (1፡ 2፡ 3፡ ...) ቁጽሪ ናብ ኤውሮጳን ዓለምን ክበጽሕ ዝገበረ ንሱ እዩ።

ዓለምለኻዊ ጽልዋን ውርሻን

ጽልዋ አል-ኽዋሪዝሚ ኣብ መላእ ዓለም ንዘመናት ዝቐጸለ እዩ። ኣብ መበል 12 ዘመን ሓባራዊ መዋእል፡ መጽሓፍቱ ናብ ቋንቋ ላቲን ተተርጕሙ ናብ ኤውሮጳ ምስ በጽሑ፡ ኣቡቲ እዋን’ቲ ኣብ ኤውሮጳ ንዝነበረ ናይ ሕሳብ ትምህርቲ ፍጹም ቀየሮ። ንዘመናት ብዘይ ናቱ መጽሓፍቲ ኣብ ኤውሮጳ ላዕለዋይ ደረጃ ሕሳብ ክመሃር ዝኽኣል ኣይነበረን።

ብዘይ ሰራሕቲ አል-ኽዋሪዝሚ፡ እቲ ሎሚ ንጥቀመሉ ዘሎና ናይ ኮምፕዩተር ፕሮግራሚንግ፡ ኢንተርኔት፡ ሕሳብ ባንክን መሃንድስነትን ኣይምህለዎምን። ንሱ ንባዶነት (ባዶ) ናብ ሓይሊ፡ ንሕሳብ ድማ ናብ መሳርሒ ዕብየት ደቂ ሰብ ዝቐየረ ናይ ኵሉ ግዜ ፍሉጥ ፈላሚ ሰነ ፍልጠተኛ እዩ።

ዳእላ ተመሃሮ

Teacher : if you want to make your character good, then say all woman ‘Mother’.

Student: well that will make my character good, but what about my Father?

***

Two cows are standing in a field.

One says to the other “Are you worried about Mad Cow Disease?”

The other one says “No, It doesn’t worry me, I’m a horse!”

ሜሪማና

ግድል

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

በላሕቲ እንዲኹም...

እነሆ በሉ ፈተና!

ኣብዚ ቀጽርታት ዘሎ ዝምድና ብምምርማር፡ ነቲ ብምልክት ሕቶ ተወኪሉ ዘሎ ቀጽሪ ርኸቡ፡



ዕዉት ኣስተምህሮ ከመይ ገይርካ ተቕርብ

እዚ ጽሑፍ ተቐርቦ ኣስተምህሮ ዕዉት ንኽይከውን ክዕንቅፈካ ዝኽእል ነገራት ብምውጋድ፡ ኣስተምህሮኻ ብኽመይ ብዓወት ትቕርብ ዝገልጽ’ዩ።

1-ምድላው ኣስተምህሮ

ኣስተምህሮኻ፡ ንጹር ዝኾነ መልእኽቲ እንተ ሃልዩዎ፡ ንስኻ ብቐሊሉ ክትዝክሮ ትኽእል። ከተቕርቦ ከለኻ’ውን ብቐሊሉ ተቐርቦ። ሰማዕትኻ’ውን ብቐሊሉ ክርድኡኻ ይኽእሉ። ኣስተምህሮኻ ንጹር መልእኽቲ ንኽህሉዎ እዚ ዝስዕብ ነጥብታት ከተስተብህለሉ ኣገዳሲ’ዩ፡

ሀ- እተቕርቦ ኣስተምህሮ፡ ንጹር ዕላማ ይሃሉዎ

ብዙሕ ዓይነት ኣስተምህሮ ኣሎ። ገለ መጠንቀቕታ ዝህብ፡ ገለ መወዳውዒ ዝገብር፡ ገለ ትመህርታዊ ኣስተምህሮ... ስለዚ እቲ ቀዳማይ መድረኽ ናይ ዕዉት ኣስተምህሮ’ምበኣር፡ ንጹር ዕላማ ምህላው’ዩ።

ለ - ብዛዕባ ሰማዕትኻ ኣፍልጦ ምህላው

ብዛዕባ ኣስተምህሮኻ ንጹር ዕላማ ምስ ኣውጻእካ፡ እቲ ዝቕጽል መድረኽ ብዛዕባ ሰማዕትኻ ኣፍልጦ ምህላው’ዩ። ትሕዝቶ ኣስተምህሮኻ፡ ብሰማዕትኻ’ዩ ዝውሰን። ስለዚ ሰማዕትኻ ብዓል መን ክኾኑ ይኽእሉ፡ ዘሎዎም ሓፈሻዊ ኣፍልጦ (ርድኢት) ብዛዕባ እቲ ክተቕርቦ እትሓስብ ዘለኻ ኣርእስቲ እንታይ ይመስል፡ ካበይ ቦታ ዝመጽኡ እዮም፡ ደረጃ ትምህርቶም፡ ካብ ኣስተምህሮኻ እንታይ መኽሰብ ክረኽቡ ይሓስቡ ይኾኑ፡ ወዘተ ንዝብል ሕቶታት ክትምልስ ብምፍታን፡ ብዝተኻእለ መጠን ብዛዕባ ሰማዕትኻ ኣፍልጦ ኣኽብ።

ሐ - ምፍላይ ቀንዲ መልእኽቲ

እቲ ዝቕጽል መድረኽ’ምበኣር፡ ብኣስተምህሮኻ ክተመሓላልፈን ትደሊ ቀንዲ ሓሳባት (መልእኽቲ) ኣየኖት እየን ምፍላይ’ዩ። ነዘን ቀንዲ ሓሳባት ንምፍላይ፡ “ሰማዒ ካብ ኣስተምህሮይ እንታይ ክኽሰብ ይኽእል፧” ኢልካ ንነብስኻ ሕተት።

መ - ምምዕባል ትሕዝቶ ኣስተምህሮ

እቲ ዝቕጽል መድረኽ፡ ምምዕባል ትሕዝቶ ኣስተምህሮ ኩይኑ፡ ነፍሲወከፍ ዝጸሓፍ ሓሳባት ምስቲን ኣቐዲምካ ዝፈለኻየን ቀንዲ ሓሳባት ዝተተሓሓዘ ይኹን። ኣስተምህሮኻ፡ ናብ ሰለስተ ክፍልታት (መጀመሪ፡ ማእከላይን መወድኢን) መቓቕሎ። መሊስካ ድማ ነቲ ማእከላይ ክፋል፡ ናብ ሰለስተ ንኡስ ክፋል መቓቕሎ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ንኡስ-ክፋል ድማ ሰለስተ ንጥብታት ብምጽሓፍ ኣስተምህሮኻ ኣማዕብል።

ሰ - ምኽላስ

ኣስተምህሮኻ ንመጀመርታ እዋን ጽሑፍካ ምስ ወዳእካዮ፡ እቲ ዝቕጽል መድረኽ ንኣስተምህሮኻ ምኽላስ’ዩ። ኣብዚ መድረኽ፡ ኣስተምህሮኻ ሰማዕቲ ክርድኡዎ ዘይክእሉ ገለ ገለ ሓሳባት (ቃላት)፡ ጌጋ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ከይህሉ ተረጋግጸሉ፡ ብተወሳኺ’ውን ከይጽሓፍካ ዝነጠርካዮ ኣገዳሲ ሓሳባት እንተ’ሎ ትውስኽሉ መድረኽ’ዩ።

...■

ሮቤል ተ

ጥቕሲ እዚ ሰሙን

“እቲ ቅኑዕ ነገር ንምግባር፡ ኵሉ ግዜ እዋኑ’ዩ።”

- Martin Luther King

ፍረ ጻዕሪ

ሚኒስትሪ ሕርሻ

ሕርሻን መግብን

"ከውሒ፡ ንፉዕ ሰብ እንተረኺቡ፡ ሰውሒ'ዩ!"

ኣብነታዊ ሓረስታይ ኣቶ ዮሴፍ ተኽለማርያም



ኣቶ ዮሴፍ ተኽለማርያም

ሓረስታይ ዮሴፍ ተኽለማርያም ነባሪ ምምሕዳር ከባቢ ቀስመ-ደንጎሎ፡ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ዃላ'ዩ። ካብ ናይ ቁልዕነት ዕድመኡ ጀሚሩ፡ ብመንገዲ ኣባሓጎኡ ምስ ዘመናዊ ሕርሻ እናተላለየን እናተመኩረን ክዓቢ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ካብ 2011 ኣትሒዙ፡ ኣብ ትውልዲ ዓዱ ኣብ ልምዓት ጀርዲን ክነጥፍ ጀሚሩ። እግሪ እግሪ ኣባሓጎኡ እናኸደ ኣብ ልምዓት ጀርዲን ሓያል ፍቕሪ ከምዘሕደረ ዝጸዋ እዚ ህርኩት ሓረስታይ፡ ኣብዚ እዋን፡ ካብ ቀንዲ መስመር ጽርግያ መንደፈራ - ዓዲ-ዃላ፡ ንምዕራብ፡ 'ማይ መቓ' ብዝብል ዝፍለጥ ቦታ፡ ኣብ ልምዓት ተኽሊ ጌሱ፡ ኣሕምልትን ኣብ ምብዛሕ ምሩጽ ዘርኢ ስርናይን ድንሽን ኣብ ምንጣፍ ይርከብ።

ሓረስታይ ዮሴፍ፡ ኣብ 2011፡ ሓሙሽተ ሓባ ፈልሲ ጌሶ ኣብ ገደና መንበሪ ቤቱ ብምትካል ብዝረኸቦ ውጽኢት ተተባቢዑ ዝፈለሞ ልምዓት መስኖ፡ ሕርሻ ጌሶኡ ናብ ልዕሊ ኣስታት ሓደ ሄክታር ከስፍሖ ክኢሉ ኣሎ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣብ ምብዛሕ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ፡ ዕፉን፡ ስርናይ፡ ወዘተ. ንጥፈታት፡ ሰፊሕ መሬት ሕርሻ ኣብ ምልማዕ ይርከብ።

ሓረስታይ ዮሴፍ፡ ፈለማ መበገሲ ዝኾኖ መሬት ሕርሻ ኣይነበሮንን። ዘልምየ መሬት ክወሃቡ፡ እቲ ዝፍቀደሉ ቦታ ድማ ንሕርሻ ዘይምረጸን ባዕሉ ፍሒሩ ዘስብሐን ዘስውሐን ክኸውን ሰናይ ምርጫኡ ምኻኑ፡ ንኣነባበርቲ ዓዱን ምምሕዳር ከባብን ሓቲቱ። ዓድን ምምሕዳር ከባብን ብግደኦም፡ ንሕቶኡን ምርጫኡን ብኽፉት ልቢ ተቐቢሎሞ። ዮሴፍ፡ ባዕሉ ዝመረጾ'ሞ ዓዲ ድማ ዝፈቐድሉ ንጹፍ እምኒ ዝዓብለሎ ቦታ ድሕሪ ምርካቡ፡ ከይወዓለ ከይሓደረ እምኒ ፈንቂሉ ዛላ እናሰርሐ፡ መሰርሕ ምድልዳል ጀሚርዎ። ሰለስተ ርብዒ ካብቲ ዝተዋህቦ ቦታ ኣደላዲሉ ወዲኡ፤ ሓመድ ግን ኣይረኸበሉን። ሰለዚ እቲ ቦታ ብግቡእ ክለምዕ እንተ ኾይኑ፡ ልሙዕን ሃብታም ዝትሕዝቶኡን ሓመድ ከድልዮ ግድን ነይሩ።

ነዚ ንምግባር፡ ኣማኢት ቪያጆታት/ ጽዕነት መኪና ሓመድ ብምጉራት ኣንጺፍሉ። ፍርያምነት ናይ'ዚ ዝተጠቕሰ ሓመድ ንምህብታም ድማ 80 ቪያጆ/ ጽዕነት መኪና ባህርያዊ ድኾዒ (ድኾዒ እንስሳታት) ወሲኹ ብምውህሃድ፡ ንወዮ ከውሒ መሬቱ ናብ ሰውሒ ቀዩርዎ። ነዚ ክንብር ክልተ ዓመታት ወሲድሉ። ካብ ፈለማ 2014 ድማ ጌሶ ናይ ምትካል መደቡ ፈሊምዎ።

ብኽምዚ ኣገባብ 200 ፈልሲ ጌሶ ብምትካል ዝጀመሮ ንጥፈታት ልምዓት መስኖ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ልዕሊ ሰለስተ ርብዒ ናይ'ታ ዝተፈቐደትሉ ሓንቲ ሄክታር መሬቱ። ምህርቲ ምሃብ ዝጀመረ ልዕሊ 4 ሽሕ ተኽሊ ጌሱ፡ ንዓይኒ ዝማርኽ ጽቡቕ ለሚው ይርእ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣብ ገለ ክፋል ናይ ጀርዲኑ ክፉት ዝባኽን ቦታ ክህሉ የብሉን ብዝብል ኒሕ፡ ኣብ እግሪ ነፍሲ-ወከፍ ዛላ፡ ካብ ቀድሚ ዓመት ፍረ ክሓፈሰሉ ዝጀመረን ጠለብ ስድራኡ ከቲትሉ ዘሎ ኣስታት 100 ተኽልታት ዘይቱን ፈርዩ ይርእ።

ዮሴፍ፡ ካብቲ ንሱ ዝውንኖ መሬት ወጻኢ፡ ምስ ዋናታት መሬት ሕርሻ ብምርድዳእ፡ ኣሕምልቲ (ድንሽ፡ በርበረ፡ ኮመደረ...) ኣልሚው ብምሻጥ፡ ዕዳጋ ከባቢኡ ኣረጋጊኡ ፍርያቱ ናብ መንደፈራን ካልኦት ከተማታትን ብምልኣኽ ከም ዝጥቀም'ውን ኣዕሊሉና። እቲ ከባቢ ንበርበረ'ውን ጽቡቕ ስለ ዝሰማምዖ፡ በርበረ ዘራኡ ጽቡቕ ምህርቲ'ዩ ዝሓፍስ። ዝዘርኦ ምህርቲ ኣብ ምሃብ ደረጃ ዝበጽሐ በርበረኡ፡ ብጉዑን ምስ ቀይሐን ኽልተ ኣገባብ ተጠቒሙ። ኣብ ሓደ ፍርያት ክሳዕ 8 ግዜ እናኣረየ ናብ ዕዳጋ ኣውሪዱ ይሸይጥ።

ድንሽ፦ ኣብነታውያን ሓረስቶት ተባሂሎም ኣብ ምብዛሕ ዘርኢ ድንሽ ካብ ዝኾጥፉ ሓረስቶት ንኡስ ዞባ ዓዲ-ዃላ፡ ዮሴፍ ሓደ'ዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ 3ይ ወለዶ ድንሽ ከባዝሕ ተዋሂቡ። ቅድሚ ናብቲ ስራሕ ምውፋሩ፡ ምስ ብጾቱ ኣብ ስራሕ ዝሕግዞም ስልጠና ከም ዝወሃቦም ተገይሩ።

ስርናይ፦ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብመልክዕ ንርቃሕ ባህርያዊ ድኾዒ ተጠቒሙ፡ ግቡእ ክንክን እናገበረ ብመስመር ኣብ ልዕሊ 1000 ት.ሜ ካብ ዝዘርኦ ስርናይ፡ ናብ ኩንታል ቀሚርካ 97 ኮንታል ዝበጽሐ፡ 9.7 ኮንታል ሓፊሱ። እዚ ድማ፡ ብሞያውያን ሕርሻ እናተደገፈ መስርሕ ንርቃሕ ዝጠልቦ ኣገባብ ተኸቲሉ ሳላ ዘካየዶ ዝተረኽበ ውጽኢት ምኻኑ ኣረዲኡ።

ዕፉን፦ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ምብዛሕ ዓሊሙ ዝፈሪ ብመስመር ዝዘርኦ ሳልሳይ ወለዶ ምሩጽ ዘርኢ ዕፉን ዘሪኡ። ካብ ኣስታት ሓደ ሲሶ ሄክታር፡ 25 ኮንታል ረኺቡ ኣሎ።

ሓረስታይ ዮሴፍ፡ መሬቱ ንምልስላስን ትሕዝቶ ሓመድ መሬቱ ንምህብታምን ድኾዒ እንስሳታት፡ ጸረ-ባልዓት ንምክልኻል ድማ ብጉዕን ካልኦት ባህርያዊ ነገራት ዝተቓመመ ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ'ዩ ዝጥቀም።

ዮሴፍ፡ ኣብ ጀርዲን ምንጣፉ ኣብ መነባብሮኡ ዓቢ ለውጢ'ዩ ገይሩ። ከቢድ ዋጋ ዝሓተተ ጻዕሪ ድሕሪ ምክያድ፡ ፍረ ጻዕሩ ዝሓፍሰሉ ደረጃ በጺሑ ኣሎ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ፡ ፍርያቱ ናብ ዕዳጋ እተመላልስ ሓንቲ ናይ ጽዕነት መኪና፣ ንሃልኪ ነዳዲ ዝባኽን ዝነበረ ገንዘብ ንምቑጣብ ድማ ሶላር፣ ብዘይካ'ዚ ማሽን ጠሓኒት ጌሶ ... ካልእን ከጥሪ ክኢሉ ኣሎ።

ወኪል ቤት ጽሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ዃላ፡ ኣቶ ኪዳነማርያም ለአከ፡ ኣብ ኣብነታዊ ሓረስታይ ዮሴፍ ዘሎዎ ትዕዝብቲን ርእይቶኡን ቃል-ምስክርነቱ ከካፍለና ተወኪሰናዮ፡ ዝሃበና መልሲ ይስዕብ፦

"ሓረስታይ ዮሴፍ፡ ካብ 2011 ጀሚሩ፡ ኣብ ዓዱ፡ ንዝተዋህቦ ረግረግ ቦታ ኣብሲሉ፡ ልዕሊ 4 ሽሕ ጌሶ ተኺሉ ዕዳጋ ከባቢኡ ኣብ ምርግጋእ ዓብዩ ኣበርክቶ ኣብ ምግባር ይርከብ። ብዘይካ'ዚ፡ ብጨንፈር ቤት ጽሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባና ኣብነታዊ ሓረስታይ ተባሂሉ ኣብ ምብዛሕ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ፡ ዕፉን ከምኡ'ውን ስርናይ ብትብዓት ኣብ ምንጣፍ ዝርከብ ሃብሮም ሓረስታይ'ዩ።

ዮሴፍ፡ ኣብነታዊ ሓረስታይ ዘብሎ ብዙሕ ብልጫታት ኣለዎ። መምርሒ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብግቡእ ዘተግብር፡ ሞያውያን ሕርሻ ዝህብዎ ምኽሪ ኣብ ግብሪ ኣውዒሉ ኣብ ምኽዕባት እቶትን እቶታውነትን ከይተሓለለ ዝጽዕት፣ ኮታስ ኩሉ ንጥፈታት መምርሒ ሚኒስትሪ ሕርሻ ተኸቲሉ ዘተግብር ሓረስታይ'ዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ባህርያዊ ድኾዒ ተጠቒሙ፡ ብመስመር ዘሪኡን ንርቃሕ ዝደልዮ ኣገባባት ተኸቲሉ ዝዘርኦ ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ፡ ካብ 70 ክሳዕ 80 ኩንታል ክረክብ'ዩ ነይሩ ትጽቢትና።

እንተኾነ፡ ካብ ትጽቢትና ንላዕሊ፡ ካብ ሄክታር 97 ኮንታል ክሓፍስ ዝኸኣለ ህርኩት ሓረስታይ'ዩ። ብዘይካ'ዚ ኣብዚ እዋን ኣብ ጽቡቕ ኮነታት ዝርከቡ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ከባዝሕ ተዋሂብዎ፣ ኣብ ኣስታት 300 ትርብዒት ሜትሮ ዘሪኡ፣ 160 ኩንታል ድማ ረኺቡ። ሓረስታይ ዮሴፍ ብዘይካ'ዚ፡ ምሕደራ ልምዓት መስኖኡ ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ ዝዓዩ፡ ገለ ካብኡ ትሕዝቶ ፍርያምነት ሓመድ ሕርሻኡ ንምህብታም ባህርያዊ ድኾዒ፡ ካብ ባህርያዊ ነገራት ዝተዳለወ ጸረ-ባልዓት ዝጥቀም ጥንቁቕ ሓረስታይ እውን'ዩ። ዝኾነ ሓረስታይ መምርሒ ሚኒስትሪ ሕርሻ ማእከል ገይሩ ምስ ዝሰርሕ፡ ብደረጃ ሃገር ዝልካዕ፡ ከም ሃገርን ህዝብን ብመግቢ ርእስና ክንክእል ዘርኢ'ዩ። ከም በዓል ዮሴፍ ንፉዓት ኣብነታውያን ሓረስቶት ክሰኑልና'ዩ ጻዕርና!"

ክብርን ደገፍን ነዞም ጀጋኑ ልምዓት ዝኾኑ ኣብነታውያን ሓረስቶት!

ምንጪ፦ መጽሔት ፍረ-ጻዕሪ ቁ-8

መኣዛ ፍረ ጻዕሪ

ሰላጣ ፍሩታታት (ማቺዶንያ)

ዘድልዩ ጥሪ ነገራት



- 2 ማእከላይ ግዝፊ ዘለዎ ኣራንሺ
- 4 ማእከላይ ግዝፊ ዘለዎ ባናና
- ½ ኪሎ ፓፓዮ
- 2 ማእከላይ ግዝፊ ዘለዎ ዘይቱን
- 1 ሓባ ለሚን
- ሽኮር ከም ኣድላይነቱ

ኣገባብ ኣሰራርሓ

ዘዳለናዮ ፍሩታታት ኣራንሺ፡ ባናና፡ ፓፓዮ ቀሪፍና፡ ብማእከላይ ዓቑን ዘሎዎ ግዝፊ ንመትሮ። እቲ ዝመታተርናዮ ፍሩታታት ንኹሉ ኣብ ግፍሕ ዝበለ ዓሚቕ መትሓዚ ብሓንሳብ ንሓዋውሶ። ብምቑጻል፡ ለሚን ጸሚቕና ብላዕሊ ንገብረሉ። ሽኮር ከም ኣድለይነቱ ወይ ንውስኽሉ ወይ ድማ ከም ዘለዎ ክንምገቦ ንኽእል። እዚ ዓቑን፡ ንሓንቲ ሽዱሽተ ዝኣባላታ ስድራ ዝምጥን'ዩ።

ምንጪ፦ ኣስመረት ዳምር
ክኢላ ኣሰራርሓ መግቢ

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ፋጥማ እስማዒል - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 08371501 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቐምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጸስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

ሕማም ሻቕሎት

ደዋሊ፤ ሄለው፡ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ድዩ?

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ ኣለኻ። መን ክብል?

ደዋሊ፤ ኣነ ሃኒባል እበሃል። ወዲ 25 ዓመት ኮይነ፡ ኣብ ኣስመራ'የ ዝቕመጥ። ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ኣዕሩኽተይ ዕላል ዘምጽኦ ክትዕ ኣልዒልና። ንሱ ኸኣ ኣነ ሕማም ሻቕሎት ዝበሃል ኣሎ ክብል እንከለኹ፡ ኣዕሩኽተይ ግን፡ "ምሽቓል ሕማም እንተ ኾይኑ ደኣ፡ ኩሉ ሰብ ሕሙም'ዩ፡" ክብሉ ከይተረዳዳእና ተፈላሊና። በጃኹም መታዓረቒ እንተኾነና፡ ኣስፍሕ ኣቢልኩም ኣብ ጋዜጣ ግለጹልና።

ኣማኻሪ፤ ጸገም የለን ሃኒባል። ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ሽባብ፡ ከም መብጽዓና ሰሙን ኣኺሉ፡ ብኸምዚ ዝስዕብ ገሊጽናዮ ኣለና'ሞ ተኸታተል።

ሻቕሎት፡ ሕማቕ ነገር ከየጓንፈኒ ካብ ዝብል ስግኣት ዝነቅል፡ ብምሒር ፍርሒ፡ ጭንቀት፡ ዘይምቕሳን፡ ሽገርገር፡ ምዕልባጥን ካልእ ተመሳሳሊ ባህርያትን ዝንጸባረቕ ባዕላዊ ስምዒታዊ ግብረመልሲ ናይ ጠንቁ ዘይተነጸረ ወይ ዘይተለለየ ጸቕጢ'ዩ። እዚ ዓይነት ስምዒት'ዚ ኣካል መዓልታዊ ህይወትና'ኳ እንተኾነ፡ ቀጻሊ ምስ ዝኸውን ንኣድማዕነትናን ዕላማናን ዓንቃፊ ብምኳን ሕማቕን ጽቡቕን ንምፍላይ ምስ ዘጸግመናን ኣምሳያኡ ምቾት ምስ እንስእንን ሕማም ሻቕሎት ይበሃል።

ኣርባሒ ወይ ጎዳኢ (ሕማም) ተባሂሉ ድማ ብደረጅኡ ኣብ ክልተ ይኽፈል።

ኣርባሒ (ደራኺ) ሻቕሎት

ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ንዝገጥመና በዳሂ ኩነት እነንጸባርቕ ሓጺርን ቅጽበታውን ስምዒታዊ ግብረመልሲ ኮይኑ፡ ብቕዓትና ኣብ ምብራኽን ነቲ ዝገጥመና ንኽንዕወተሉ ዝድርኸና ኣእምሮኣዊ ግብረመሲ'ዩ።

ንኣብነት፤ ከም ፈተና፡ ሃንደበታዊ ሓደጋ፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ ፈተንቲ ኩነታት ኣብ ዘጋጥሙና ግዜ፡ እንገብሮ ብቑዕ ምድላዋትን ምምላጥን፣ ኣብ ፈተና ክንዕወትን ካብ ሓደጋ ከነምልጥን ዘኽእል ሓይሊ ዝፈጥረልና ደራኺ ስምዒት'ዩ።

ሕማም (ጎዳኢ) ሻቕሎት

ነቲ ዝገጥመና ፈተናን ሓደጋን ዘይዳረግ፡ ቀጻልን ሚዛኑ ዝሓለፎን ግብረመልሲ ምስ ዝኸውን፣ ከም ሳዕቤኑ ድማ ንምድላዋትናን ናይ ምክልኻል ዓቕምናን ብምዕንቃጽ፡ ንብቕዓትና፡ ኣድህቦናን ዝምድናታትናን ብኣሉታ ብምጽላው፡ ህይወትና ብግቡእ ክንመርሕ ኣብ ዘይንኽእለሉ ደረጃ ምስ እንበጽሕ፡ ዝህሉ ሕማም እዩ። ንኣብነት፤ ሓደ ተመሃራይ ብሰንኪ ሻቕሎት፡ ትምህርቱ ከጽንዕ፡ ክከታተልን ግዜኡ ብግቡእ ከማሓድርን ብዘይምኽእሉ፡ ኣብ መርመራ ክወድቕ እንከሎ ሕማም ሻቕሎት ኣጋጢምዎ ክንብል ንኽእል።

ጠንቅታት ሕማም ሻቕሎት

ብንጹር ክፍለጥን ክልለን ዝከኣል'ኳ እንተዘይኮነ፡ ናብዚ ሕማም ከቃልዑ ዝኽእሉ ተኽእሎታት ግና እዞም ዝስዕቡ'ዮም።

• ካብ ኣእምሮ ብቐሊሉ ዘይሃስስ፡ ኣሰንባድን ስምብራት ዝሓድግን ተመኩሮታት ህይወት።

• ተወርሶኣዊ ተኽእሎታት ማለት፡ ኣቐዲሙ ኣብ ሓረግ ወለዶ ስድራቤት ተራእዩ ምስ ዝነብር ኣዋጣሪ ኩነት ምስ ዝፍጠር፡ ኣብ ገለ ኣባላት ናይ ዝቕጽል ወለዶ ስድራ ቤት ክንጸባረቕ ዝኽእል።

• ከም ሕማም ልቢ፡ ሽኮርያ፡ ጉርንጉሪት፡ ሕዱር ናይ ሳምቡእ ሕማማት፡ ኣዝማ፡ ዝኣመሰሉ ውሽጣውያን ሕዱራት ሕማማት'ውን ጠንቂ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

• ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ወይ ድሕሪ ምቁራጽ ቀጻሊ ዝውሰዱ ዝነበሩ መድሃኒታት ክርአ ይኽእል። ከምኡ'ውን ተጠቃምነት ኣወለፍቲ ባእታትትን ኣብ እዋን ምቁራጾምን ጠንቂ ክኾኑ ይኽእሉ።

• ገለ ውልቃዊ ባህርያት ከም ብኹለንትናይ ምሉእ ክኸውን ኣለኒ ምባል፡ ሰብ ከይብለኒ፡ ጌጋ ክርከበኒ የብሉን፡ ኣነ ጥራይ'የ ቅኑዕ ምባል፡ ወዘተ'ውን ጠንቂ ክኾኑ ይኽእሉ።

• ኣሉታዊ ኣተሓሳሰባ፣ ንኣብነት፡ "ኣነ ዝረብሕ ሰብ ኣይኮንኩን፡ "ብሰንከይ'ዩ እዚ ኹሉ ክሳራ፡" "ብሰንኪ እገለ'ዩ እዚ ጸገም ኣጓኒፉኒ፡" ብምባል ገዛእ ርእስኻን ካልኦትን ምንቃፍ። ንኣጋጣሚታት ብውልቃውን ባዕላውን ኣመለኻኽታ ጥራይ ምርኣይ ኣቃላዕቲ ሓሳባት'ዮም።

ሕማም ሻቕሎት፡ ብኸምዞም ዝስዕቡ ኣብ ኣካል፡ ባህሪ፡ ኣተሓሳሰባን ስምዒትን ዝንጸባረቑ ምልክታት ይልለ።

ኣካላዊ ምልክታት፤

ሕጽረት ትንፋስ፡ ቅልጡፍ ትርግታ ልቢ፡ ድርቀት ኣፍ፡ ጸገማት ምውሓጥ፡ ቃሓርን ነድሪ ከስዐን፡ ጽርውርው ምባል፡ ቃንዛ ርእሲ፡ ኣፍልቢ፡ ሕቕን ጭዋዳታትን፡ ቀቀልጢፋካ ምሻን፡ ድኻማት ምቕናዕ መትሎ፡ ምዝንባል ጽግያት፡ ምፍኳስ ርእሲ፡ ዕውልውል ምባል፡ ምንፍጥፋጥ መሓውር፡ ውጥረት ጭዋዳታት፡ ናይ ረስኒ ወይ ቁሪቑሪ ስምዒት፡ ርሃጽን ብርቱዕ ድኻምን ዝኣመሰሉ ክጥቀሱ ይኽእሉ።



ናይ ባህሪ ምልክታት፤

ጉድለት ተገዳስነት፡ ነብስኻ ዘይምእላይ፡ ጽፍሪ ምንካስ፡ ምሕርቃም ኣስናን፡ ምጥቃም ኣወለፍቲ ባእታታት፡ ንጥፈታት ምውንዛፍ ወይ ሕዝግድፍ ምባል፡ ግልጽግልጽ ምባል፡ ዓቕሊ ጽበት፡ ምግርጫው፡ ምውልዋልን ከየስተውዓልካ ምዝራብን ዝኣመሰሉ ባህርያት ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ናይ ኣተሓሳስባና ምልክታት፤

ኣይክእሎን'የ፡ ዝረብሕ ኣይኮንኩን፡ ይጥሙትንን ይሓምዩንን ኣለዉ፡ ከም ዓሻ ወይ ደንቆሮ'ዮም ዝሓስቡኒ፡ ምፍታን ትርጉም የብሉን፡ መዓስ ሰሊጡኒ ይፈልጥ፡ ዝሓመቕኩ ሰብ'የ ዝብሉ ኣተሓሳሰባታት ክንጸባረቑ ይኽእሉ።

ናይ ስምዒታት ምልክታት፤

ጓሂ፡ ቓዝኖት፡ ሕርቃን፡ ነድሪ፡ ምስልቻው፡ ሽቐልቀል፡ ፍርሕን ራዕድን፡ ድሌት ዘይምህላው፡ ተስፋ ምቑራጽ፡ ነብስኻ ምጽላእ፡ ስምዒትካ ዘይምግላጽ ወዘተ ብዝኣመሰሉ ስምዒታት ክንጸባረቕ ይኽእል።

ሻቕሎት ንምእላይ ዝሕግዙ ኣገደስቲ ንጥፈታት፤

ብቐንዱ፡ ዝኾነ ሰብ ብቐጻሊ በዞም ኣቐዲሞም ዝተጠቕሱ ምልክታት ምስ ዝሸገር ናብ ኣገልግሎት ጥዕና ኣእምሮ ዝረኽበሉ ትካል ጥዕና ብምኻድ ሓገዝ ክሓትት ይጋባእ። ይኹን'ምበር እዞም ዝስዕቡ ሻቕሎት ንምንካይ ሓገዝቲ ኣገባባት ምኳኖም ምጥቃስ ኣገዳሲ'ዩ።

1. ሻቕሎት ዝፈጥረልካ ምልክታት ብግቡእ ምርዳእ፣ እዚ ንሻቕሎትካ ብኣጋ ተረዲእካ ክትዳሎን ክትልውጦን ሓጋዚ'ዩ።

2. መበገሲ ወይ ጠንቂ ሻቕሎት ምልላይ፣ እዚ ድማ መፍትሒ ወይ ኣማራጺታትን ሜላታትን ንኽትውጥን ሓጋዚ'ዩ።

3. ንጥዕና ኣርባሕቲ ዝኾኑ ንጥፈታት ምዝውታር፣ ካብ ተጠቃምነት ኣወለፍቲ ባእታታት ምቑጣብ፡ ብሙዚቃ ምዝናይ፡ ምስ ፈተውትኻ ምዝንጋዕ፡ ምንባብ፡ ሃናጺ ትሕዝቶ ዘለዎ ፊልም ምርኣይ፡ ስሩዕን ዝተመጣጠነን መግቢ ምምጋብ፡ ስሩዕ ድቃስ፡ ስሩዕ ምንቅስቓስ ምዝውታር ዝኣመሰሉ ሓገዝቲ ኣገባባት'ዮም።

4. ሓገዝ ምሕታት፣ ጸገም ኣብ ውሽጥኻ ጥራይ ምዕብዓብ ኣማራጺ ዘይብሉ ጸድፊ ኮይኑ ክስመዓካ ይኽእል'ዩ። ምስ ዝርድኡኻ ምልዛብ ከተተንፍስን ዝሓሽ ግንዛበ ክህልወካን ኣማራጺ መፍትሒ ንኽትረክብ ሓጋዚ'ዩ።

5. ጉጅለ ምትሕግጋዝ ምፍጣር፣ ተመሳሳሊ ጸቕጢ ኣእምሮ ዘለዎም ሰባት ብዙሓት'ዮም። ብጉጅለ ሓቢርካ ብግልጺ ብዛዕባ ጸገምካን ኣፈታትሕኡን ምልዛብን ተመኩሮታት ኣፈታትሓ ንምልውዋጥን ሓጋዚ ሜላ'ዩ።

6. ግዜኻ ብግቡእ ምምሕዳር፣ ቀዳምነታትካ ምስራዕን ወይ ንጥፈታትካ ምውዳብን ህይወትካ ከተስተማቕርን ዝሓሽ ጸቕጢ ንኽህልወካ ሓጋዚ'ዩ።

7. ኣጨነቕቲ ሓሳባት ምውጋድ፣ ዘየርብሑኻ ሓሳባት እናተመላለሱ ጸቕጢ ይፈጥሩልካ እንተ'ለዉ፡ ካብኦም ዘላግሱኻ ንጥፈታት ምፍጣር። እዚ ማለት ደስ ዝብለካ ፊልም ምርኣይ፡ ነዊሕ ብእግሪ ምጉዓዝ፡ ምስ ትፈትዎም ኣዕርኹትኻ ምዕላል፡ ካብ ሕማቕ ሓሳባት ከተላግስ ሓገዝቲ ኣገባባት'ዮም።

8. ኣመለኻኽታኻ ምልዋጥ፣ ደስ ዘይብለካ ነገር እንተ'ሎ ቀይሮ። ክትቅይሮ ዘይትኽእል እንተኼንካ ግና ኣብ ልዕሊኡ ዘለካ መረዳእታ ምቕያር ተዛማዲ መረዳእታ ንኽህልወካ ሓጋዚ'ዩ።

9. ናይ ምስትንፋስ ንጥፈታት፣ ኣብ ምቹእ ቦታ ቁመናኻ ሓሊኻ ኮፍ ብምባል ብዕምቆት ንጹህ ኣየር ንውሸጢ ብኣፍንጫኻ ብምስሓብ ቀስ ኢልካ ንደገ ምትንፋስ። እዚ ንኣስታት 5-10 ደቓይቕ ብተደጋጋሚ ምትግባር ጸቕጢ ንምጉዳልን ንምዝናይን ሓጋዚ ንጥፈት'ዩ።

10. ምድራዝ፣ ፍኹስ ብዝበለ ኣብ ከባቢ ወተግን መንኩብን ምድራዝ ወጥሪ ጭዋዳታት ብምጉዳል ሻቕሎት ንምቕናስ ሓጋዚ'ዩ።

መድሃኒታዊ ፍወሳ

እዞም ኣቐዲሞም ዝተጠቕሱ ኣገባባት ኣብ ምጉዳል ሻቕሎት ዓቢ ተራ'ኳ እንተለዎም፡ ሓገዝቲ ኣገባባት ደኣ'ምበር ሓገዝ ክኢላ ጥዕና ኣእምሮ ኣየድልን ማለት ኣይኮነን። በዞም ክኢላታት ዝእዘዝ ጸረ ቕዛነት መድሃኒታት ስለ ዘለዉ፡ ቀሪብካ ምምርማር ኣገዳሲ'ዩ።

ኣነቓቓሒ ጥቕሲታት

"ካብ ናይ ኮልኦት ጌጋ ተመሃር። ንኹሉ ጌጋ ባዕልኻ ከይትምኰሮ ህይወት ሓጻር እያ።"

- Groucho Marx

"ተኣምራታዊ ዝምድና ዝብሃል ንብጻይካ ብዘይ ምፍራድ ክርከብ ይከኣል።"

- Wayne Dyer

"ሓቂ ንኽልሰ-ሓሳብ እንተ ዘይተሰማምዖ፡ ንስኻ ነቲ ሓቂ ቀይሮ።"

- Albert Einestein

***

ጀሚል ስዒድ

ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረአምልኽ - ሳምራዊት መለስ

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተኽኣ ሃይለሚካኤል ገብረ፡ ስም ኣቦይን ኣደይን፡ ኣቶ ሃይለሚካኤል ገብረ ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፉ፡ ሃይለሚካኤል ገብሩ ገብረእግዚኣብሄር፣ ስም ኣደይ መብራህት ወልዳይ ደበሳይ ምባል ተሪፉ፡ መብራህቲ ወልዳይ ደበሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን04/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

ወ/ሮ ጽገ ገብረእግዚኣብሄር ገብረ፡ ብዓል ቤተይ ጸጋይ ገብረመድህን ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን03/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባኢያ ቁ.32 ይቕረብ፡

መም/ኤልሳቤጥ የወሃንስ ሰለሞን፡ ሓብተይ ቅድስቲ የሃንስ ሰለሞን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡

ጽገ የወሃንስ ተስፋማርያም፡ ወኪል ሰናይ መካሃን ገብረማርያም፡ ብዓል ቤተይ መካሃን ገብረማርያም ወልደሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡

ከሳሲት ፈቨን ሰመረ ሃብተ፡ ተኸሳሲ ስምኦን ካሳ ተወልደመድህን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን23/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ. 47 ቅረብ፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት መብራህቲ ጠዓመ፡ ተኸሳሲ ተስፋሂወት ተስፋገርግስ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን15/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ዓማር ኑር ዓብዱ ምባል ተሪፉ፡ ዓማር መሓመድኑር ዓብዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲ ተስፋሂወት ገ/ኢባኖስ ገ/ትንሳኤ፡ ተኸሳሲት ኣበባ ስዩም በርሁ፡ ንዓኺ ዝምልከት ናይ ስ/ስ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን09/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ቅረቢ፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ኮኾበይ ኣብርሃም ግርሙ ምባል ተሪፉ፡ ኮኾብ ኣብርሃም ግርሙ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ገብራይ ገብረስላሴ ገብረማርያም ምባል ተሪፉ፡ ገብረ ባሪኡ ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኋላ

ማጆር ገብረክርስቶስ ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፉ፡ ማጆር ነጋሽ ወልዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ፍዮሪ ሃይላይ እዛዝ ወላዲያይ ሃይላይ እዛዝ ኣስፍሃ ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓሲን ንብረት ኣቦይ ኣነ ምስ 12 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወልደትንሳኤ ተኽለማርያም ገብረንጉስ፡ ተጸዋዕቲ ተተካኢ ደቂ መዋቲት ጽርሃ ጸጋይ ኣብርሃም 1. ስምረት ተኽለማርያም 2. ወይኒ ተኽለማርያም 3. ሚካኤል ተኽለማርያም 4. ገብረትንሳኤ ተኽለማርያም 5. ሰለማዊት ተኽለማርያም፣ ናይ ወረሻ ክርክር ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር፡

ኣብርሀት ፍትዊ መሓሪ፡ ብዓል ቤተይ ክፍለ ተስፋይ ኪዳነ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡

ብስም ወ/ሮ ዘምዘም ክያር፡ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን 12011 ቁጽሪ መዝገብ 10296 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ናይ ቤት ቁርሲ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ራሄል መዓሾ ወልዱ፡ ኣድራሻ መንደፈራ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ከተማ መንደፈራ ቴሌፎን 07941410 ካብ ብዕለት 1/1/27 ክሳብ 31/12/31 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ወሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቕጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡
ነፍልጥ፡

ዘምዘም ክያር

ብስም Minciplits keren G.shar campani፡ ዝተመዝገበ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን KEL00004994 ዝኾኑ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ጎደና – ቁ. ገዛ– ዝርከብ ትካለይ፡ ንኣቶ ደጀን ዳኘው፡ ኣድራሻ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ጎደና - - ቁ ገዛ – ካብ ዕለት 01/01/2027 ክሳብ ዕለት 31/12/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ወሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቕጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡

ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ
ሕጋዊ ወኪል ተስፋብርሃን ዓንደብርሃን



ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅሮ ናይ ዕድመ ብዓል ጸጋ ኣቦና ብርሃነ በዩነ ለማ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝበጻሕኩምና፡ ኣብ እዋን ዕረፍቱ ድማ ዘቃብርኩምና፡ ኣብ ሓዘንና ዘጸናናዕኩምና፡ ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንልና እናበልና ሓዘንና ንዓጹ፡

ደቁ ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ምስጋና

ብዕረፍቲ እነፍቅራ ክብርቲ ኣዴናን ሓፍትናን ወ/ሮ ኣብርሀት ገብረሂወት እምባፍራሽ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ሬሳ ካብ ጀርመን ብምልኣኽ ዝተሓባበርኩም፡ ኣብ ዓዲ ማዕረባ ዘቃብርኩምናን፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንዓጹ፡

ደቃን ኣሕዋታን ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ምስጋና

ብዕረፍቲ ብልቢ ዘፍቅሮ ክቡር ብዓል ቤተይ ኣቶ በረኸት ተኽለሚካኤል ዓስቡ (ገዲም ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ጋንታ ማይልሓም) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙን ሞቱን ዝተሓጋገዘኩምና፡ ኣብ ገዛና ብኣካል ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንልና እናበልና ሓዘንና ከም ዝዓጸና ንገልጽ፡

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኤልሳ ገብሩ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን



ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅራ ኣዴና ወ/ሮ ቅድስቲ ተኽሉ ንርኣዮ፡ ብዓልቲ ቤቶም ንነ/ሄ ኣቶ ኣስራት ሃብቱ ወልዱ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ክሳብ ዓዲ እምነገር ብምኻድ ዘቃብርኩምና ቤተሰብን ፈተወትን፡ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ከም ዝዓጸና ንገልጽ፡

ደቀን ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ምስጋና

ብዕረፍቲ ብልቢ እንፈትዋን እነፍቅራን ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ገነት ራእሲ ሃይለ ደጃዝማት ተስፋማርያም፡ ብዓልቲ ቤቶም ንነፍስሄር ካሕሳይ ደጃዝማት ነጋሽ ራእሲ በራኸ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ድኻማ እናተመላለስኩም ዝበጻሕኩማ፡ ኣብ ዕረፍታ ኣብ መካነ መቓብር ቤተክርስትያን ቅዱስ ጊዮርጊስ ኣርባዕተ ኣስመራ ዘቃብርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስ ናይ ሓዘንና ተኻፈልቲ ዝኾንኩም፡ ኣብ ወሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና ኩሉኹም ስድራቤት ቤተሰብ ቤተክህነት ፈተውትን ኣዕሩኽን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ምስጋና ብምቕራብ ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ፡ ደቃ ምስ

ምሉኣት ስድራቤት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረአምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

Vacancy Announcement

Position:	**Bakery**
Number required	**01**
Location:	Based at Koka Gold Mine (Site)
Reporting to:	Catering Supervisor
Primary Responsibility & Scope of work	- Bakery use their understanding of ingredients and food preparation to craft recipes and create baked goods. They measure and mix raw ingredients, bake, and decorate items, and ensure that all raw and finished goods adhere to and food safety standards. • Follow existing recipes. • Measure, weigh and prepare ingredients. • Knead, roll, cut, and prepare dough as needed. • Monitor oven temperatures, speed settings, mixing machines, and other baking equipment. • Ensure food surfaces and baking equipment meet all health and safety standards.
Duties:	- Weigh out precise amount of baking ingredients using scales or graduated containers. - Assess the quality of raw materials before baking to ensure conformance to set standards. - Uniformly mix ingredients using automated equipment such as blenders and mixers. - Knead dough manually or with the aid of a kneading machine. - Establish production schedule and set quota for the number of goods to be produced on daily basis. - Maintain good knowledge of complex industrial mixing machine and how to operate them. - Maintain a clean and hygienic work area in accordance with health and safety regulations. - Ensure proper storage of baking utensils and supplies. - Oversee the routine maintenance of baking equipment to ensure efficient operations. - Train new recruits on baking techniques and procedures - Manage inventory levels and order supplies before they are used up. - Adjust thermostatic controls to regulate temperature of oven. - Ensuring that the daily bakery range is made to high standard in a timely, safe, and consistent manner. - Making sure freshly baked food is available for customers. - Cleaning bakery machinery, equipment, storage, and preparation areas. - Assisting with company's Health and Safety procedures. - Ensuring that baking equipment is fully functional and stored correctly. - Creating a kitchen culture of food waste prevention
Formal Education, Certifications or Equivalents	- High school
Working Experience – Nature & Length	- 1 + year from related work
Leadership Experience - Nature & Length of time	- Knowledge & ability to manage
Other skills and abilities	- Physical stamina: He/she can carry out job duties while standing on their feet for extended periods and able to work according to tight production schedules
Other Requirements	- Commitment to organization - The capacity to work under extreme pressure

Salary: According to Company's Salary Scale.

Place of work: Zara Mining Share Company, Koka Gold Mine, Zoba Gash Barka

Additional Requirement for nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Present clearance paper from office of the Eritrean Police and medical check-up report.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- All applications should be sent through the post office and only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned.

Address: Please mail your applications to Zara Mining Share Company. P. O. Box 2393.
Asmara, Eritrea.

Note to Eritrean applicants: Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs **P.O. Box 7940** Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management **P. O. Box 272**

Deadline for application: 10 days from the day of the announcement

ጥዕና

ዳህላክ ነጋሲ

ሓቅታት ብዛዕባ ልቢ



ልቢ ጭዋዳዊት ህዋስ እዩ። ጭዋዳታት ልቢ ረኒድነትን ድልዱልነትን ሰለ ዝኾኑ፡ ደም ናብ ምሉእ ኣካላትና ካብን ናብን ንኽነቕሚሃንሪ ይሕግዘዎ። ልቢ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ክንዲ ዕማሮ ኢድ ነም እትኾውን ይፍለጥ። ምዝርጋሕን ምጭባጥን ልቢ ብዝተግብ ልቢ ዝፍለዮ ኩይኑ፡ ኣብ መዓልቲ ህርመት ልብና ኣብታት 100,000 ግዜ ደቒጹሉ፡ ነም'ኡ'ውን ልብና ኣብ ዓመት ኣብታት 36,500,000 ክንዛርም እንከሉ ክኾነ 30 ዓመት ዕምሪ ህይወትና ብዮዘ ዝኮዓረ እዩ። ሰባት ነታ ናብ ዓለም ዝተቐልቀልናላ ዕለት እንተ ዘይኮይኑ፡ መኣስ ካብ'ዛ ምድሪ ንእናበት ኢይንፈልጥን ኢና። ሰለዚ፡ ንሎሚ ብከየንኺ ኣነሓማቒረ። ንጽባሕ ድማ ብሕጉስ መንፈስን ተስፋን እንተ ኣማዕደናያ ይሓይሸ። ንሎሚ ረስዕና፡ ብዘዕባ ዘይረኣናያ ጸባሕ ምሸጋገን ምምራጉ ንዕምርና ኣሕጺሩ ኣብ ታኽለ ጭንቀት ዘነየም እዩ። ኣብዚ እዋን ደቂሰብ ክንዲ ወሸጣዊ ጸነቐና ንምወላወ እንጽዕት፡ ዝዩዳኡ ግዳማዊ ጸነቐ ልዑል ኣተነኮሮ እናኑብሉ ንርኸቡ። ብዙሓት ዘይሃለነን ዘይብልን ወሸጣዊ ጸነቐ ንምድላብ ካብ ዝኾበርዎ ጻዕሪ ንላዕሊ. ወቕቱ ሓልዩ ንዘርግፍ ደጋዊ ጸነቐ ንምወናን ብዙሕ ሃለኽለኽ ክብሉ ደረኣዩ። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ መንገዚ ክልተ ዓለም ዘይምስናይ ይፍጠር። ነም ሳዕቤኑ፡ ምስ ዕምሪ ህይወትና ብዮዘ ዝኮዓጽረ እዩ። ሰባት ነታ ናብ ዓለም ዝተቐልቀልናላ ዕለት እንተ ዘይኮይኑ፡ መኣስ ካብ'ዛ ምድሪ ንእናበት ኢይንፈልጥን ኢና። ሰለዚ፡ ንሎሚ ብከየንኺ ኣነሓማቒረ። ንጽባሕ ድማ ብሕጉስ መንፈስን ተስፋን እንተ ኣማዕደናያ ይሓይሸ። ንሎሚ ረስዕና፡ ብዘዕባ ዘይረኣናያ ጸባሕ ምሸጋገን ምምራጉ ንዕምርና ኣሕጺሩ ኣብ ታኽለ ጭንቀት ዘነየም እዩ። ኣብዚ እዋን ደቂሰብ ክንዲ ወሸጣዊ ጸነቐና ንምወላወ እንጽዕት፡ ዝዩዳኡ ግዳማዊ ጸነቐ ልዑል ኣተነኮሮ እናኑብሉ ንርኸቡ። ብዙሓት ዘይሃለነን ዘይብልን ወሸጣዊ ጸነቐ ንምድላብ ካብ ዝኾበርዎ ጻዕሪ ንላዕሊ. ወቕቱ ሓልዩ ንዘርግፍ ደጋዊ ጸነቐ ንምወናን ብዙሓት ሃለኽለኽ ክብሉ ደረኣዩ። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ መንገዚ ክልተ ዓለም ዘይምስናይ ይፍጠር። ነም ሳዕቤኑ፡ ምስ ዕምሪ ህይወትና ብዮዘ ዝኮዓጽረ እዩ። ሰባት ነታ ናብ ዓለም ዝተቐልቀልናላ ዕለት እንተ ዘይኮይኑ፡ መኣስ ካብ'ዛ ምድሪ ንእናበት ኢይንፈልጥን ኢና። ሰለዚ፡ ንሎሚ ብከየንኺ ኣነሓማቒረ። ንጽባሕ ድማ ብሕጉስ መንፈስን ተስፋን እንተ ኣማዕደናያ ይሓይሸ። ንሎሚ ረስዕና፡ ብዘዕባ ዘይረኣናያ ጸባሕ ምሸጋገን ምምራጉ ንዕምርና ኣሕጺሩ ኣብ ታኽለ ጭንቀት ዘነየም እዩ። ኣብዚ እዋን ደቂሰብ ክንዲ ወሸጣዊ ጸነቐና ንምወላወ እንጽዕት፡ ዝዩዳኡ ግዳማዊ ጸነቐ ልዑል ኣተነኮሮ እናኑብሉ ንርኸቡ። ብዙሓት ዘይሃለነን ዘይብልን ወሸጣዊ ጸነቐ ንምድላብ ካብ ዝኾበርዎ ጻዕሪ ንላዕሊ. ወቕቱ ሓልዩ ንዘርግፍ ደጋዊ ጸነቐ ንምወናን ብዙሓት ሃለኽለኽ ክብሉ ደረኣዩ። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ መንገዚ ክልተ ዓለም ዘይምስናይ ይፍጠር። ነም ሳዕቤኑ፡ ምስ ዕምሪ ህይወትና ብዮዘ ዝኮዓጽረ እዩ።

ኣብ ዘሎ ግዜ ድማ ክኾብ በልዮን ግዜ ክትዛርም ትኽእል። ብዘወሃኽኹ፡ ልቢ ኣብ መዓልቲ ኣብታት 4.5 ሊትሮ ዓቑን ፈሳሲ ኣብ መላእ ኣካላት ትሰድድ። ልቢ ደም ክትጭንገፀን ክትቕበልን እኽላ ክልተ ዓይነት ድምጺታት ተሰምዕ።

ልቢ ደቂሰብ ኣርባዕተ ወሻጢታት ነም ዘለዋ ይፍለጥ። እተን ክልተ ላዕለምት ደም ዝቐብላ ወሻጢታት 'መጠሪቾምቲ' ዝበሃላ ክኾና እኽለዋ፡ እተን ክልተ ታሕተዎት ደም ዝዕድላ ክኣ 'መናዝርቲ' ደቢሎ። ብዘይንዘ፡ ልቢ ኣብ መንን ክልተ ሰናበኽ ኣብ ጺጋይይ ወገን ኣፍልቢ. ትርጉቡ፡ ብዘወሃኽኹ፡ ሽይናት ካብ ምሉእ ኣካላትና ደም ናብ ልቢ. ዝመልኡ ሰሪወር ደም ክኾኑ እኽለው። ኣርተሪታት ደማ ካብ ልቢ. ዝተየለሰ ደም ናብ ምሉእ ኣካላትና ዝወሰዱ ሰሪወር ደም ምኻናም ይፍለጥ። ደም ብኽህሪ ብኦርተሪታት ክሓልፍ እኽለ። ኣብ ክሳድን ጉንበ ኢድን ህርመት ትርግታ ልቢ. ክሰማዕ ይኽእል። ሰቴቶስኮፕ ትርግታ ልብን ምስትንፋሰን ንምስዮማዕ ዘገልግል መሳርሒ እዩ።

ምንባር ኣይድገምን'ዩ



ምቅባልን ድልድል ኣብ መንሾኻ ክምስረት ዝሕግዝ እዩ።

ኣብ ጉዕዞ ምንባር፡ ፀንቅፋት ኪጋጥም ንዝርኢ፡ እቲ ምንታይ ህይወት ልክዕ ክምታ ብኣኾኽ ዝተሰበዩ ፀንባ ጸገረዳ ሰለ ዝኾኑ፡ እንተኾኑ ዚጋጥሙኻ መሰናኽለት ሰባርካ ሓድሽ ባብ ክትፍት ተቓለስ። ነቲ እትውንኖ ኣፍቅሮ፡ ተቐቢሎን ኣድንቆን ጸባሕ እንታይ የጋጥመካ ክኾብ ዘይፈለጥኹ።

ካልኣ፡ ብዙሓሰፈ ብዙሕ ኣይተሻርጉ። ብሕጂ'ውን ዝተረፈ ቃልሲ. ክጋጥመካ ክም ዝኾኽል ኣሚንካ ጥራይ ሰጉም። ገለ ሰባት ክልተ-ሰሰስተ ቅያር ሳእኒ ዘይብልና ኢሉም ኮሸሩ ይኽእሉ። እንተኾኑ ኣብ ከብኣም ቁሊሕ ምስ ዝብሉ ክልተ መሓውር ዘይብሉም ሰባት ክም ዘሎዉ. ምገጾብ የድሊ። ሰለዚ፡ ዝዘየካ ተቐቢልኩ ኣብ ወሻጢካ ሓገሰ ክትፈጥር ጸዓር።

እየም ኣብ እተፈላለየ ኢጋጣሚታት ሰምም ብተደጋጋሚ ክርቂሕ እንከምዀም ዕዉታት ሰባት፡ ኣብ ፋልማይ ፈተነኣም ዝተዓወቱ ዝመስለና ውሑዳት ኣይኮንናን። ብዙሓት ካብ'ቶም ሰብ ወሰኦት ዓለምና ብህደወት ዘለዉ. ክንሸም፡ ህያው ስርሓምን ታሪኾምን ግና ገና ንወለዶታት የልግልን ደጽወን ኣለ። ማህደር ታሪክ ናይቶም ሰባት ምስ እንፍትሾ ደሜ ናብቲ ደረጃ ዓወት ንኽበጽሑ መሰናኽለታት ተቓሊሶም፡ ነቲ እትውንኖ ኣፍቅሮ፡ ተቐቢሎን ኣድንቆን ጸባሕ እንታይ የጋጥመካ ክኾብ ዘይፈለጥኹ።

ካልኣ፡ ብዙሓሰፈ ብዙሕ ኣይተሻርጉ። ብሕጂ'ውን ዝተረፈ ቃልሲ. ክጋጥመካ ክም ዝኾኽል ኣሚንካ ጥራይ ሰጉም። ገለ ሰባት ክልተ-ሰሰስተ ቅያር ሳእኒ ዘይብልና ኢሉም ኮሸሩ ይኽእሉ። እንተኾኑ ኣብ ከብኣም ቁሊሕ ምስ ዝብሉ ክልተ መሓውር ዘይብሉም ሰባት ክም ዘሎዉ. ምገጾብ የድሊ።

ዋላ'ውን ኣብ መዓሙቕ ሸዋር ሰጠምካ እንተ ኣለኹ ከሉ እትውንኖ ሓይሊ. ኣኻሽኩክ ካብዚ ታኽለ ተዓዊትካ ክትወጸኢ ትኽእል ኢኹ። እዚ ክወን ንኽትጉበር ግዜ እቲ ኣሰጠመ ዙዛክ ጸገም ነም ናይ ሓዋሩ ውድቀት ዘይኩዔ ግዜያውን ዝነበረን ምኻኑ ክትሓምን ይግባእ። ዝ. ሰኣን ምገጾዙቡ ብኽኽለት ናይ ቀጻማይ ፈተነኻ እንተ ሰገደኦ፡ ሓንቲ ሰገደ'ውን ትኾን ንቕድሚት ክትምርሽ ኢዮትኽእልን - እንትርፎ ንድሕሪት። እምነኦርክሰ ዓወት ብፀዕርን ሰራሕን ዝረጋገጸ ካብ ኩነ ምውዳቑን ምትንሳእን ደሜ ዘይፀጸሉ ገጽቱ ምኻናም ኣሚንካ ንኽይትወድቕ ዘይብልካ ዕድል ይኽፈተልኦ።

ወትሩ ዘይንፈልጦ ክንፈልጥ ንጽዓር። ኣብ እቲ እንርሕ ዓይነት ሞያ፡ ፈጠራውያንን ተመራመርትን ንኾነ። ብዘይነ'ዘ፡ ፈጠራዊ ኣተሓሳሰብ ምህላው፡ ንሰራሕካ መመለሰኽ ነም እትፈትዎ'ውን ዝኾበር ሚላ እዩ። ብኣንጻር'ዘ፡ መፃዙት እንተ ዘይብልና፡ ሰራሕና ዋላ ኣብ ሓጺር ዓመታት ክሰልኽኖና ግድን እዩ። ብዮዘ'ውን ሓደ ትኣል ብሓይል ፈጠራውነት ናይ ሰራሕዘኛታቱ ሰለ ዝዑቦን ዝምዕበልን እዘ. ልምዲ ንዑዞት ንዜርእሰናን እንጥሪፈሉ ትኣልን ኣጉጻኒ ምኽኑ ተገንዘብና፡ መፃዙት ኣነል ዕለታዊ ንጥፈታትና ንግዜኡ።

ነዞም ሲያመታት ንፈልጦምዩ

ምቢቃዕ ወይ ምእኻል ዕለት ሃለኽቲ ሃገራት (expire date)፡ ኣብ ዝተፈላለየ ፍርያት ሃገባይ ሲያመታት ሐሰ ንረኽቡ። እቲ እንጥቀመሉ ፍርያት መብዘሕተኡ ናይ ወጻኢ ሃገር ሰለ ዝኾኑ እቲ ሓበሬታ ብጀንኳ እንግሊዝኛ ዝጽሓፍ። ንኣቡት፡ 'Use by' ዝበል ጸሓፍ መብዘሕተኡ ግዜ ኣብ ጸቡ ወጽኢት ጸባ ነም'ኡ'ውን ኣብ እንቋቑኡ ዓቡ ሲጋን ወጽኢት ሲጋን ተታሓሕዙ ኣብ ዝፈረ መግቢታት ተሰጠፉ ንረኽቡ። ሰለዚ፡ እቲ ፍርያት ካብቲ 'use by' ዝተገለለ ዕለት እንተ ሓሊፉ ንኽንምገቦ ተኣፋፊ ምኻኑ የጸርር። ንገለ ኣብ እተፈላለየ ፍርያት ዝጽንሑ ንምቢቃዕ ዕለት ሃለኽቲ ሃገራት ዝኸቡ ጸሓፋት ምስ እንዕዘቡ፡

1. 'Best if used by' ዝበል ጸሓፍ'ውን ብዙመሳሳሊ. ምስ ጸቦን ወጽኢት ጸቦን ዝተሓሓዘ ኩይኑ፡ እቲ መደሳሲት ንረኽቡ። ምእንቲ'ዘ፡ እቲ ሓበሬታ ዝያዳ ምስ ብቐዳት ናይ'ቲ መደሳሲት ዝተኣሳሰር እዩ። እምነኦርክሰ እቲ ዕለት እንተ ኣኽሊ ተጠቃምኦ ይኽኖን ብቐዳት ናይ'ቲ መደሳሲት ነም ዘቡቐዐ ይገልጸ።

2. 'Expire date' እዘ. ጸሓፍ ኣብ ብዙሕ ዓይነታት ፍርያት ዝጽንሕ ኩይኑ፡ ብፍላይ ኣብ ናውቲ ሕዛመናን መደሳሲትን ንረኽቡ። ምእንቲ'ዘ፡ እቲ ሓበሬታ ዝያዳ ምስ ብቐዳት ናይ'ቲ መደሳሲት ዝተኣሳሰር እዩ። እምነኦርክሰ እቲ ዕለት እንተ ኣኽሊ ተጠቃምኦ ይኽኖን ብቐዳት ናይ'ቲ መደሳሲት ነም ዘቡቐዐ ይገልጸ።

3. 'Best Before' ዝበል ጸሓፍ'ውን ኣብ ድርቐ ዝበሉ መግቢ. ይጸንሕ። ንኣቡት፡ ኣብ ፓስታ፡ ሩዝ፡ ፓስቲን ካልኦት ዝኣመሳሰሉ ፍርያትን ተጠቂሙ ክጸንሕ ይኽእል።



4. 'Open dating' ዝበል ሓበሬታ መጠሕለትኡ ግዜ ኣብ መኽደኒ ናይ'ቲ ዝተዳለወ ፍርያት ይጸንሕ። እቲ ፍርያት ምስ ተኸፍተ ጥራይ ዕድመ ኣገልግሎቱ ንኽሊዩ ኩይኑ፡ ኣብ መንጽሂ ዓይኒ ምድርን ካልእ ፍርይትን ክም ዝጽንሕ ይፍለጥ። መጠሕለትኡ እዋን እቲ ፍርያት ኣብ ውሽጢ 12 ወርሒ ተጠቃምኦ ክም ዘለዎ እንተኾኑ ሓሓሊፉ ካልእ ንምቢቃዕ ዕለቱ ዝገለጸ ጸሓፍ'ውን ተሰጠፉ ንረኽቡ።

5. ኣብ ዝተፈላለየ መሳቱታት ብፍላይ ኣብ ኣልኮላዊ መሳቱ 'freshness date' ዝበል ጸሓፍ ይጸንሕ'ዩ። እዘ. እቲ መሳቱ ማዕረ ክንደይ ሓድሽዩ ወይ ንክንደይ እዋን ክም ዝጽንሐ ዝገልጽ እዩ። ካልኣ 'sell by' ዝበል ጸሓፍ'ውን ሓሓሊፉ ደረኣ እዩ። ዝ. ሓበሬታ እተን ትኣሳት ንዘኣቱን ዝወጽእን ፍርያተይ ብምልላይ ክም'ኡ'ውን ምሕደራ ንኽጥዕመን ዝጥቀማሉ ጸሓፍ ምኻኑ ይፍለጥ።

6. Don't use after ዝበል ጸሓፍ'ውን ኣብ እተፈላለየ ፍርያት ተሰጠፉ ንረኽቦ ኢና። እቲ ጸሓፍ ድሕሪ'ዘ፡ ዝተጠቕሰ ዕለት ኣይትጠቀመሉ ዝበል መልእኽቲ ዝሓዘ እዩ። እቲ ሓበሬታ ኣብ ኣገዳም ተኣፈፍቲ ነባራት ዝጽንሐ ኩይኑ፡ ድሕሪ'ቲ ዝተጠቕሰ ዕለት ኣብ ዝኾነ ተጠቃምቲ ንኽደወዕል ዝኽልክል'ዩ።


ታርጉዎ

ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

ትኩር ጓሳ

ሳልሳይ ክፋል

አቦይ ተስፋማርያም፡ ሃንደበት ዘረባ አቋረጹ። ሃይለ፡ ኣቦኡ ዝደቀሱ መሲሉዎ ከዕርፉ ብምባል ስቕ በለ። ድሕሪ ገለ ደቓይቕ ግና ኣብ ሕቑኦም እናጠብጠበ፡

“ኣቦ.. ኣቦ፡” ኢሉ ተድሃዮም። እንተኾነ ኣቶ ተስፋማርያም፡ ድሮ ህይወቶም ስለ ዝሓለፈት፡ ክሰምዑዎ ኣይከኣሉን።

“ኣቦ ተንስእባ በጃኻ ... ኣቦ ተንስእ ... ዎ..ቦ፡” ሃይለ፡ ዓው ኢሉ ደጋጊሙ ነቦኡ ነውነዎ። እንተኾነ ካብ ኣቦኡ መልሲ ኣይረኸበን። ዓቕሉ ጸቢቡዎ ድማ ደጋጊሙ ነውነዎም።

ሃይለ፡ በቲ ኣጓኒፉዎ ዘይፈልጥ ኩነታት ረዓደ። ዝገብሮ ሓርቢቱዎ ተዓኒዱ ተረፈ። ኣቦኡ ብዙሕ ግዜ ተመን ተነኺሱ ስነ ዝነበረ፡ ክመውት ኢሉ ፈጺሙ ኣይገመተን።



መሬት ብጸሓይ ተዓብለለት። እተን ጥሪት ገሊአን ኣብቲ ከባቢ ንዝነበረ ሳዕሪ ይግህጻ፡ ገሊአን ደቂሰን ገሊአን ይዕንድራ ነበራ። ንኽትርእየን ድማ ኣዝየን ባህ ዘብላ ነበራ። ብፍላይ እተን ንኣሸቱ ምራኹት ክዘላ እንከለዋ ፍሉይ ግርማ ነበረን። ብዛዕባ እቲ ከም ብሌን ዓይኑ ዝከታተለን ዋንአን እንተ ዝሰምዓስ እንታይ ኮን ምበላ!

ሃይለ፡ ድሕሪ ውሑዳት ደቓይቕ ናብ ኣፍ ኣቦኡ ተጸግዐ። ኣቦኡ ከም ዝሞቱ ከኣ ኣረጋገጸ። ነብሱ ምቁጽጻር ሰኣነ፡ ምሉእ ኣካሉ ድማ ከንቀጥቅጥ ጀመረ። ናይ ነገር ስንባደ ኮይንዎ ርእሱ ሒዙ ኣእወየ። ኣብቲ ጭው ዝበለ በረኻ ግና እንትርፎ ንሱን ጥሪቱን ካልእ ረዳኢ ኣይረኸበን።

እተን ኣብ ኣግራብ ዝነበራ ኣዕዋፍ ድምጺ ኣውያት ሰሚዐን ‘ጩቕ ጩቕ፡’ እናበላ ነፈራ። ገለ ካብተን ዝበልዓ ዝነበራ ጥሪቱ ክረድእኦ ዝደለያ ንኽመስላ ምብልዐን ኣቋሪጸን ተመተኦ። እቲ ሰምዒተን ድማ ‘እንታይ ተረኽቡ’ ዝብል ዝነበረ ይመስል።

ሃይለ፡ መሊሱ ኣምሪሩ በኸየ። እቲ ኣቦኡ ዝዛረቦ ዝነበረ ዘረባ ኣብ ኣእምሮኡ ክመላለሶ ጀመረ። ንኣቦኡ በቲ ብርስሓት ሕብሩ ዝቐየረ ነጸላ ገይሩ ሸፈኖ። ነብሱ ተቕጻጺሩ ድማ ነቦኡ ክቐብሮ ወሰነ።

ካብቲ ዝነበሮ ገለ ዓሰርተ ስጉምቲ ርሒቑ፡ ኣብ ትሕቲ እቲ ጎቦ፡ ጉድጓድ ክኸዕት ጀመረ። መኸዓቲ ስለ ዘይነበሮ በታ ኣቦኡ ‘ተጠንቀቐላ’ ዝበሎ ምሳር ገይሩ ገረብ ቆረጸ። ነቲ ዝቐረጾ ገረብ ኣብሊሑ ከም መኸዓቲ ተጠቒሙ፡ ድሕሪ ሓያል ጻዕሪ ጉድጓድ ኰዓተ።

ብድሕሪ’ዚ ነቦኡ ብኽንደይ ሓይሊ ናብታ ዝኾዓታ ጉድጓድ ከም ዝበጽሕ ገበረ። ተጠንቂቑ ድማ ናብታ ጉድጓድ ኣእተዎ። በቲ ኵዒቱ ዘውጸኦ ሓመድ ከኣ ደፈኖ። ኣብ መወዳእታ ካብቲ ከባቢ ዓበይቲ ኣእማን ብምምጻእ ኣብ ልዕሊ መቓብር ኣቦኡ ገበረ። መቓብር ኣቦኡ ዘለዎ ቦታ ከይጠፍኦ ዕንጨይቲ ገይሩ ምልክት ገበረ። ብድሕሪ’ዚ ኣብ ልዕሊ መቓብር ኣቦኡ ኮይኑ ኣምሪሩ በኸየ። ጸኒሑ፡ ነብሱ ኣረጋጊኡ ናብ ገዛኡ ክምለስ ወሰነ።

ነተን ፋሕ ኢለን ዝበልዓ ዝነበራ ጥሪቱ ኣብ ሓደ ኣከበን። ብጉሁይ መንፈስ ድማ ናብ ቤቱ ጉዕዞኡ ፈለመ። ኣብ ጉዕዞ እናሓሰበን እናስቀርቀረን መገዱ ቀጸለ።

ሃይለ፡ ኣቦኡ ዝተዛረቦ ዘረባ ኣብ ኣእምሮኡ ተደጋገሞ። ብፍላይ እታ፡ ‘ኣመት ነብስኻ ጥራይ ግበር፡’ እትብል ዘረባ ተደጋጊማ ኣብ ሕልንኡ ተመላለሰት። እንተኾነ ግና ነቦኡ ስኢኑ ነተን ከርተት ዝበሉለን ጥሪት ክስእነን ኣይደለየን። ኣብ’ቲ ጽምጽም በረኻ ገዲፉወን ክምለስ ነብሱ ኣይገበረሉን።

ሃይለ፡ ‘እታ እትረኽበኒ ነገር ምስ’ዘን ጥሪትና ትርከበኒ፡’ ኢሉ መሊሱ ተብዐ። ሓድሽ ሓይሊ ድማ ኣብ ነብሱ ዓሰሎ፣ ሓይሊ ጽንዓትን ሓይሊ ትብዓትን። ፍርሒ ምሉእ ብምሉእ ካብ ነብሱ በረረ። ምስ ጥሪቱ ናብ ገዛኡ ክምለስ ጥራይ ተራእዮ።

ሃይለ፡ ምስተን ዝፈትወን ጥሪቱ ነዊሕ መገዲ ተጓዛዘ። መሬት ድማ ጽልግልግ ክብል ጀመረ። እቲ ካብ ኣቦኡ ዝቐሰሞ ትምህርቲ ዝትግብረሉ ግዜ ከም ዝኣኸለ ተገንዘበ። ነተን ጥሪት ኣብ ሓደ ቦታ ኣከበን። ኣብ ዙርያአን ዕንጨይትን ቀሸምን ኣብ ሓሙሽተ ቦታ ኣከበ። እተን ዝነበራኦ ፍረ ክርቢት ብጥንቃቐ ክጥቀመለን ከም ዘለዎ ተረደኦ። ክሳዕ መሬት ኣጸቢቑ ዝጽልምት ኣብ ዙርያ ናይተን ጥሪት ኮለለ። ከባቢ ሰዓት ሸውዓተን ፈረቓን ምስ ኮነ መሬት ምሉእ ብምሉእ ጸልመተ። ካብተን ዝኣከበን ሓሙሽተ ዕንጨይቲ ከኣ ሓንቲ ኣቃጸለ። ሓዊ እናሰሓነ ድማ ኣመት ምሕላው ጥሪቱ ክገብር ጀመረ።

መሬት ኣጸቢቑ ጸልመተ።

ሃይለ፡ ‘እንጉይ..... እንጉይ፡’ ዝብል ድምጺ ኣዛብእ ሰምዐ። ሃንደበት ስለ ዝኾኖ ብፍርሂ ነብሱ ግፍፍ ክብሎ ተፈለጦ። ካብተን ኣኪቡወን ዝነበረ ሓሙሽተ መጋርያ ካልአይቲ ወልዐ።

ይቕጽል...

ነዞም ሓርበኛታት ትፈልጡዎምዶ፤

ስእሊ ምስ ኣስማት ኣዛምድ



ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ



ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን

ባህታ ሓጐስ

ወልደኣብ ወልደማርያም

ራእሲ ተሰማ ኣስበሮም







ምርባሕ ብምድማር

	ዓዲ ሚእቲ	ዓዲ ዓሰርተ	ዓዲ ሓደ
X		2 1	8 5
	1		
		4	0
+	1	0	0
		8	0
	2	0	0
	4	2	0
	420		

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ምድማርን ምርባሕን ዘራኽብ መስርሕ ኣለዎ። ስለዚ ንምርባሕ ብምድማር ብኸመይ ከም ዝስራሕ ሓንቲ ኣብነት ኣዳሊናልኩም ኣለና። ነዛ ኣብነት ምስ ተረዳእኩም ድማ ነዘን ተዋሂበን ዘለዋ ክልተ ሕቶታት ስርሑወን። ኣብ ትምህርትኹም ክሕግዘኩም ስለ ዝኽእል ብኸምዚ ኣገባብ ከተርብሑ ፈትኑ፡ ንሎሚ 28x15 ክንሰርሕ ኢና።

መጸበዩ ጋሻ	‘ንሓደ፡ ክልተ፡ ኣሎኒ’ መጽሓፊ እንጥቀመሉ ቦታ
8x5=40	ን ‘4’ ኣብ ‘ዓዲ ዓሰርተ’ ጽሒፍና፡ ን ‘0’ ኣብ ‘ዓዲ ሓደ’ ንጽሕፍ።
20x5=100	ን ‘1’ ኣብ ዓዲ ‘ሚእቲ’፡ ‘0’ ኣብ ‘ዓዲ ዓሰርተ’፡ ን ‘0’ ኣብ ‘ዓዲ ሓደ’ ንጽሕፍ።
10x8=80	‘8’ ኣብ ‘ዓዲ ዓሰርተ’፡ ን ‘0’ ኣብ ‘ዓዲ ሓደ’ ንጽሕፍ።
10x20=200	ን ‘2 ኣብ ዓዲ ‘ሚእቲ’፡ ‘0’ ኣብ ‘ዓዲ ዓሰርተ’፡ ን ‘0’ ኣብ ‘ዓዲ ሓደ’ ንጽሕፍ።
40+100+80+200=420	ውጽኢት

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ብኸምዚ ዝደለናዮ ኣገባብ ቁጽርታት ከነርብሕ ንኽእል ኢና። እዚ ድማ ብዓድታት ስለ እንሰርዖም ቅልል ዝበለ ኣገባብ እዩ።

	ዓዲ ሚእቲ	ዓዲ ዓሰርተ	ዓዲ ሓደ
X			
+			

ሕቶ ቁ.1 66x15

መጸበዩ ጋሻ

	ዓዲ ሚእቲ	ዓዲ ዓሰርተ	ዓዲ ሓደ
X			
+			

ሕቶ ቁ.2 33x25

ዳኞች ቋንቋ

ሃ ማ ፍ ሶ ኛ

"ቋንቋን ከሥራ ቦታ ማግለል ቀጭን ዘዴ ነው" ዳኒኤል ሰለሞን

ሰላማዊት ዝናቡ

ዳኒኤል ሰለሞን ይባላል። የተወለደው በ2003 ዓ.ም በአዲስ አበባ ነው። በ2015 ዓ.ም መጨረሻ አካባቢ ከአዲስ አበባ ወደ ሰሜን ሸዋ ዞን ተዛውሮ ነበር። ከዚያ በፊት ከአዲስ አበባ ውጭ ሄዶ አያውቅም። ከአዲስ አበባ ወጥቶ ወደ ሌላ ቦታ ሲሄድ ለመጀመሪያ ጊዜ ነበር። ከአዲስ አበባ ወጥቶ ወደ ሌላ ቦታ ሲሄድ ለመጀመሪያ ጊዜ ነበር። ከአዲስ አበባ ወጥቶ ወደ ሌላ ቦታ ሲሄድ ለመጀመሪያ ጊዜ ነበር።



ከአዲስ አበባ ወጥቶ ወደ ሌላ ቦታ ሲሄድ ለመጀመሪያ ጊዜ ነበር

ዳኒኤል ሰለሞን ይባላል። የተወለደው በ2003 ዓ.ም አዲስ አበባ ነው። በ2015 ዓ.ም መጨረሻ አካባቢ ከአዲስ አበባ ወደ ሰሜን ሸዋ ዞን ተዛውሮ ነበር። ከዚያ በፊት ከአዲስ አበባ ውጭ ሄዶ አያውቅም

ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ሽልማት ፍትሓዊ ጸወታ ዝተሸለሙ ሳየይቲ



ዝሓለፈ መርሐ ሚያዝያ ኣብ ዝተኻየደ ቦስተን ማራቶን 2026 ክልተ ኣትሊታት ብከፊያምም ሰናይ ተግባር ተሸለሙ። "ዓለምለኻዊ ፍትሓዊ ጸወታ" ኮይናም።

ኣሮን ቦሸን ርጋርቶ ኣሊሺራን ዝዘሰሉ ኣብ ማራቶን (42 ኪሎሜተር) ኣብ ናይ ሓባር ጉያ ዝተሳተፉ ሻዮይቲ (ፕሮፌሽናል ሻዮይቲ ዘይኮኑ ንምውዳኡ ሞና ገጽዕሩ) እየም። ንባስቶን ማራቶን ውድድር ክዝከሙዎ 200 ሜትሮታት ምስ ተረፉ፣ ኣጃይ ሃራዓስ ዝተዛህለ ቅድሚኡም ሓሊፉ ዝሸረ ጎዩዩ፣ ጸዓቱ ወዲኡ ክወድቐን ክትንእእን ተግዚዑም። ኣብዩም ፃዐይፎም ዝሓልፉ ዝሸሩ ሻዮይቲ ኣቋረጸም ድማ ኣብ መንነኡም ብምኢታው ደገፍም። ውድድር ክዘከም ኣኽኡልም፣ ብ2 ሰዓት፣ 44 ደቒቐን 36 ካልኢትን ብሓባር ወዲኦም።

እዞም ኣትሊታት፣ ኣብዩ እዋን ሳላ ሰናይ ተግባርም ልዑል ቁላኢታ ረኸቦም። ትማሊ ድማ ኣብ ዓለምለኻዊ ኮሚተ ፍትሓዊ ጸወታ (Fair Play) ንጀበጮቕ ተግባርም ኣፍልጦ ዝህብ ሽልማት ተዋሂቦም።

"ወነንቲ ማን ሲቲ፡ ነዛ ክለብ ክሸጡዋ ኣለዎም" ክለባት ፕሪመር ሊግ

ወነንቲ ማን ሲቲ፣ ፋይናንሺያዊ ሕግታት ብምጥሓሶም፣ ነቲ መቐጻዕቲ ዝ ክለብ ክሸጡዋ ክግደዱ ነቲግደዱ ኣብ ገለ ክለባት ፕሪመር ሊግ ዓቢ ስልጣን ዘለዎም ወገናት ተዛረቦም።

ማን ሲቲ፣ ካብ 2009 ክሳብ 2018 ኣብ ዝተፈጸሙ ሓደጋታት ብ115 ፋይናንሺያዊ ሕግታት ፕሪመር ሊግ ከምዝጠሓሰት፣ ኣብ ለካቲት 2023 ንፈለማ ግዜ ከምዝተኸሰት ይዝከር። እዚ ጉዳይ ንዓመታት ክከታተሎ ዝጸንሐ ፕሪመር ሊግ ድማ ኣብ ዝሓለፈ መርሐ ንክሉ ክሳታት ነቲ መዘወሊዩዎ ብምግላጽ፣ ገበኛ ምዃኖ ኣፍሊጡ። ካብ ፈለማ ክሳብ ሕጂ ሞና፣ ካብዚ ገበን ናጻ ምዃንና ኢያ ትማንትን ይግባይ ትብልን ዘላ - ብኢማራታውያን ሱብ ጺጋ እትውነን ማን ሲቲ።

ሲቲ፣ ሰሪዝ ጉዳይ፣ ፖዝዞዊ መቐጻዕቲ፣ ነጥቢ ምጉዳል፣ ኣብዩ ግዜ ዝዋሪተን ጸዋኣት ፕሪመር ሊግ ናይ ምምንጣልን ካብ ታሕተዋይ ዲቪዥን ክትወርድ ዘኽእልን መቐጻዕቲ ኪጋጥማ ከምዘኽእል እዩ ዝሕብር። እንተኾነ፣ ናጻ መርመራታት ጉጅለ ወይ ኮሚሽን ዛጊት ገዚዮ ውሳነ የለን።

ኣብዚ ጉዳይ ገለ ክለባትን ኣስልጠንቲን ፕሪመር ሊግ ዘይፅገሙዎም ክገልጹ ጸኒሖም እዮም። ትማሊ ኣብ ዝወጸ ሓበሬታ ድማ ሰበስልጣን ናይ ሰለስቲ ስመን ዘይተጠቕሳ ዓቢይቲ ክለባት ናይቲ ሊግ እቲ ቀኑዕ ውሳነ ንሲቲ ምኽኑ ይእምን - ወነንቲ ክሸጡዋ ምስ ዝግደዱ።

እንታይ ከ ይበሃል ኣሎ፡

* ኤርሊን ሃላንድ፡ ኣብ ክረምት 2027 ካብ ማን ሲቲ ክወጽእ ሓሲቡ ኣሎ፣ ባርሴሎና ድማ ካብዞን ዝዩልያኡ ዘለዋ ክለባት እያ - ብመሰረት ጋዜጣ ኤል ናሽናል።

ሃላንድ፡ ብናይዚ ወቕቲ ትሑት ብቕዓት ጋንታኡ ሕገብ ከምዝዓለ ይግለጽ።

* ማን ዩናይትድ፡ ንኮፕሻ ሊ. ሰፖርቲን - ማክሰ. ኣሪህ፣ ዓይኒ ኣወዳጅነት ከምዝሓለን እቲ ኡራጋያዊ ኣብ መርሐ. ጥሪ ክጽምባር ከምዝብለሞን ጋዜጣ ስፖርት ዊትህ ሓቢራ።

* ጋዜጣ ብምዝተኒ "ኣትሉቲኮ ማድሪድ፡ ንወሳኒ ተጻዋታይ ጃሊያን ኣልቫረዝ ክትዕቅቦ ምሉእ ርእሰ ምትእምማን ኣለዎ - ወላ'ኳ ኣብ ጠሙተ ፒኤሶዂን ኣርሰናልን ኣትዩ እንተሃለወ።" ክትብል ኣብ ዓምዳ ኣስፈራ።

* ቸልሲ፡ ንኮፕሻ ሊ. ሪያል ማድሪድ - ኣንዮሲያ ሩዲገር፡ ኣብ መርሐ. ጥሪ ዳግማይ ከተፈርሞ ሓሲባ ኣላ - ከም ጽበጽብ ፋትብል ኢንላይደር።

ሩዲገር፡ ኣብ ክረምት 2022 እዩ፡ ካብ ቸልሲ. ናብ ማድሪድ ተሸይጡ።

ሳቪንዮ፡ ንንውሕ ዝበለ ግዜ . . .

ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ቶተንሃም - ሳቪንዮ፡ ብሰንኪ. ሓዲሽ ናይ ጭዋዳ ማህሰይቲ ንዋይሕ ግዜ ካብ ጸወታ ክእለ እዩ - ብመሰረት ዓለማኡ ርበርቶ ዲዘርበ።

እዚ ኢጣልያዊ ዓለማ፡ "ሳቪንዮ፡ ግዜ ከድልዮ እዩ። ን50 መዓልታት ዲዩ ወይስ ን80 መዓልታት ክእለ ሞና፡ ብልክዕ ኣይፈልጥናን። ብሓጺሩ ንዋይሕ ግዜ እዩ። ምስ ተመልሰ ሞና፡ ኣጉዳኢ ተጻዋታይና ክገሸውን እዩ።" ክብል ኣብዩ ትማሊ ዘቅደዶ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣፍሊጡ።

እዚ ብራዚላዊ ካብ ገቐደመ ማህሰይቲ ሓወቶ ዝሓለፈ ቀዳም ንኢፕስዊች 2ብ0 ኣብ ዝሸየዱሉ ጸወታ፡ ኣብ መባል 63 ደቒቐ ተቐይሩ ኣትዩ ነይሩ። እንተኾነ፡ ብሰንኪ. ካልእ ናይ ጭዋዳ ጸገም፡ ኣብ መባል 89 ደቒቐ ተቐይሩ ክወጽእ ተቐሲበ። ክሳብ ጥሪ 2027 ክርክብ ዘለዎ ተኽእሎ ድማ ውሑድ እዩ።

ግምታት ክሪስ ስቱንን ኮምፒዩተርን ኣብ መበል 12 ሰሙን ግጥማት ፕሪመር ሊግ

	ማን ዩትድ - ብረንትፎርድ	ኢፕስዊች - ኣስቶን ቪላ	ሊድስ - ኮቨንትሪ
ስቱን፡	1 - 2	2 - 2	2 - 0
ኮምፒዩተር፡	1 - 2	1 - 2	2 - 1
	ኤቨርተን - ሊቨርፑል	ብራይተን - ኒውካስል	ፓላስ - ሃል ሲቲ
ስቱን፡	1 - 2	3 - 1	2 - 1
ኮምፒዩተር፡	1 - 2	2 - 2	1 - 1
	ፉልሃም - ቦርንማውዝ	ሳንደርላንድ - ቶተንሃም	ኣርሰናል - ማን ሲቲ
ስቱን፡	1 - 1	0 - 0	1 - 0
ኮምፒዩተር፡	1 - 2	1 - 3	2 - 1

ጋርዲዮላ፡ ስለምንታይ ንመሰ . . .

ኣብዚ እዋን ኣብ ዕረፍቲ ዝርኸብ ብሉጽ ዓለሚ ኮቾ እግሪ - ፕፕ ጓርዲዮላ፡ ካብ ባርሴሎና ምስ ወጸን ናብ ካልኦት ክለባት ምስ ገሃዞ፡ ስለምንታይ ንሊዮኔል መሲ. ከፈርሞ ዘይፈተነ ግልጺ. ገይሩ።

ጓርዲዮላ፡ ካብ 2008 ክሳብ 2012 ንባርሴሎና ኣብ ዝዓለመሉ ንመሲ. ከምዝሰልጠኖ ይዝክር። ኣብቲ እዋን ኣብ ጥርዚ. ብቕዓት ንዝሸረን ልዑል ስም ዝሸሮን ሮናልዲኖ ካብታ ጋንታ ኣብረሩ ንመሲ. ኣብቲ ዝለዓለ ደረጃ ኩወድሖ ከምዘሓዝ'ውን ይእመኑ። ኣብ ታሪኽ ባርሴሎና እቲ ዝበለጸ እዋን ምኻኑ ኣብ ዝዓለጸ ናይ ኣርባዕተ ዓመታት ጉዕዞ ድማ ብሓባር ግቢይቲ ዓወታት ዓቢኣምም።

እዚ ሰፅኛዊ ዓለሚ ካብ ባርሴሎና ምስ ተፋነዉ ንኣርባዕተ ዓመታት ጉዞር መዛኑ ን10 ዓመታት ድማ ንምን ሲቲ ከምዘዓለመ ኣይርሳዕን። ድሕሪ ምዝዘም ዓመት ስፖርት 2025-26 ድማ ካብ ማን ሲቲ ተፋንዩ ኣብ ዕረፍቲ ይርከብ።

ጓርዲዮላ ዝሓለፈ መዓልታት ምስቲ ተጻዋታይ ባርሴሎና እኽሎ ወዲ ጋንታኡ ዝሸረ ብራዚላዊ ርማዕ ኣብ ዙዩዶ ቃለ መሕትት፣ ብዙሓት ኣርእስትታት ኣልዓሉም ነይሮሞ። ሓደ ካብኡ፡ "ንመሲ. ኮተፈርሞ ፈቲኽካ ሄርን'ዶ?" ዝብል ነይሩ።

እዚ ወዲ 55 ዓመት ዓለሚ፡ "ብፍጹም ንመሲ. ከፈርሞ ኣይፈተንኩን። ኣነ ደጋፊ ባርሳ እየ፣ ኣቢታ ክሳብ ክጽንሕ ድማ እየ ዝደሊ. ነይሩ።" ክብል መለሰ።

ብመንጽሩ ፕፕ፡ ንብራዚላዊ ነይማር ጁንዮር፡ ኣብ 2013 ናብታ ዝዕልማ ዝሸረ ጀርመናዊት ክሳብ ባዮር መዛኽ ንጽጽንግር፡ ከኣምኖ ከምዘፈተነ ገለጹ።

"ኣነ ንባርሳ ጉዩፈ. ናብ መዛኽ ምስ ገንዘኩ፣ ነይማር ከኡ፡ ናብ ባርሴሎና ክጽንግር እዩ ዝብል ዘረባ ሶሚዐ፡ ከሉ ሞና ኣይተወደአን ነይሩ። ስለዚ. ንብይኑ ረኸብ ናብ መዛኽ ክሲጋገር ከኣምኖ ፈቲኹ። እንተኾኑ ናቱ ውሳነ ወሲዱ፣ ናብ ባርሳ ምስጋግር ጸበቕቐ ውሳነ ነይሩ።" ኢሉ። ነይማር፡ ኣብ ክረምት 2013፡ ካብ ናይ ሃዙ ክሳብ ሳንቶስ ናብ ባርሳ ምጽንጣዙ ይዝክር።

ጓርዲዮላ ንባርሳ ሐዘ ኣብ ዋኖጫ ክሳቡ ዓለም 2011 ንሳንቶስ ኣብ ዝሸየዱሉ ጸወታ እዩ ንይማር ተዓዚቡዎን ብከሸፎ ብቕዓት ኣደኒቕዎን፣ ክዕልሞ ድማ ከምዝዘገገ ይዝክር።



ሙሲያለ፡ ክሳብ ሓዲሽ ዓመት ክእለ እዩ

"ኪሚች፡ ኣይቅጸዕን እዩ" ሙኒክ

ጀርመናዊ ተጻዋታይ ጃማል መሲያላ ብሰንኪ. ናይ ጭዋዳ ማህሰይቲ ክሳብ ሓዲሽ ዓመት 2027 ካብ ጸወታ ከምዘርሕቕ ክሳብ ባዮር መዛኽ ትማሊ. ሓቢራ።

እዚ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ፡ ኣብቲ ረብዕ ምሸት ብሊል 2ብ1 ዝተሰዓሩሉ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ እዩ። ኣብ ጺጋማይ እግሩ ማህሰይቲ ኢጋጠምዎ ምጽንሑ፡ ድሕሪ ዝገበሮ መርመራ ተፈሊጡ።

መሲያላ፡ ኣብዚ. ወቕቲ፡ ሓርገጽገጽ ዝበሉሉ እዋን የሕልፍ ምህላዉ. ይፍለጥ። ንሱ፡ ቅድሚ ምጅማር እዚ ዓመት ስፖርት ኣብ ገሸሮ ናይ ምሕዝቡ ግቦማት፡ ኣብ ወሽጠ. ኣርባዕተ መዓልታት፡ ክልተ ግዜ ሃለዋቱ ስሒቱ ኣብ ሜዳ ከምዝወደቐ ይዝክር። ድሕሪ ዝተገብረሉ መርመራ ከኡ፡ ናይ መትኒ ጸገም ከምዘጋጠረ ተሓቢሩ።

ሰሪ'ዚ. ሕጂ ኢጋጠምዎ ዘሎ ናይ ጥዕና ጉዳይ ግን፡ ገለ ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይታ ክሉቡ ኣብ ሚድያ ወጺኦም፡ ኣህጉዲ ዘረባታት ክፍንወ. ቀጥዮም። ገለኦም፡ ጥዕናኡ ዳግማይ ናብ ንብር ክምለስ ከምዘይክእል ክገልጹ እኽለወ፡ ገለኦም ኩኡ፡ ናብ ንብር እንተዘይተመለሰ፡ ክሳብ ሰነ 2030 ዝተናወሐ ውዕሉ ዳግማይ ግምት ክግበረሉ ከምዝለዎ ተዛረቦም።

እዚ ነዋሚ'ሉ እኽለ። መዛኽ ንተጻዋታይ ጆሽዋ ኪሚች፡ ከምዘይተቐጽዖ ኣፍሊጣ። ድሕሪ ማኡል ነዋር ካልኣይ ሓሊቓ ናይዛ ጋንታ ዝኾነ ኪሚች፡ "ስለምንታይ ኣብ ኣደባባይ ወጺኦም ከምኡ ኣሉሞ ኣይርድኣንን እዩ። ብፍጹም ከምዚ ዓይነት ጸር ኣብ ልዕሊ. ተጻዋታይ ክወርድ ኣይግባእን። ልክዕ እዩ እዝ ክሉብ ልዕሊ. ተጻዋታይ እዩ፣ ይኹን'ምባር፡ ልዕሊ. ሱብ ማን ኣይተትንኑ።" ክብል እዩ ድሕሪ'ቲ ናይ ረብዕ ጸወታ ንሰበ ስልጣን ክሳቡ ብቓልዕ ዝቐሳ።



መደብ ጸወታ

ሉሚ

*** መባል 12 ሰሙን**

ግጥምት ፕሪመር ሊግ

ማን ዩናይትድ - ብረንትፎርድ 6፡00 ድ.ቀ

ሊድስ - ኮቨንትሪ 6፡00 ድ.ቀ

ኢፕስዊች - ኣስቶን ቪላ 8፡30 ድ.ቀ

*** ላ'ሊጋ መባል 14 ሰሙን**

ኣልቸ - ኣትሉቲኮ ማድሪድ 8፡30 ድ.ቀ

ሪያል ማድሪድ - ኣላቨስ 11፡00 ድ.ቀ

*** ሲሪ'ኣ መባል 13 ሰሙን**

ኢንተር ሚላን - ጅኖኣ 10፡45 ድ.ቀ

ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

ዩክሬን ንኣመሪካ ትወቅስ

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮለድሚር ዘለንስኪ፡ መራሒ ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ትኹረቱ ዝያዳ ናብ ማእከላይ ምብራቕ ብምግባሩን ምስ ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ተደጋጋሚ ዝርርባት ብምክያዱን ነቒፉ።

ኣብ ዝሓለፈ ጥቅምቲ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ዩክሬን ሓድሽ መራሒ ከም ዘድልያ ሓሳብ ድሕሪ ምሃቡ፡ ኣብ መንነ ክልተኦም መራሕቲ ዝጸንሐ ዘይምቅዳው ናብ ዝኸፍአ ኣንፈት ኣምሪሑ ከም ዘሎ እዩ ዝንገር።

ዘለንስኪ፡ ነቲ ትራምፕ ዝሀቦ ዘሎ - መጥቃዕቲ ዩክሬን ኣብ ልዕሊ ትካላት ኑዳዲ ሩስያ ቀንዲ ጠንቂ ናህሪ ዋጋታት ጸዓት ዓለም ምኳኑ ዘመልክት ሓበሬታ'ውን ፍጹም ሓሶት ምኳኑ እዩ ዝገልጽ።

ዘለንስኪ ቀጺሉ፡ ነቲ ኣብ መንነ ዋሽንግተንን ሞስኮን ዝተገብረ ስምምዕ ጸዓት'ውን "ድኹም ውሳነ" ክብል ነቒፉዎ።

ዘለንስኪ ብዘይካ'ዘ፡ ዩክሬን ኣዝዩ ዓቢ ሕጽረት ናይ መከላኸሊ ሚሳይላት ከም ዘለዋን፡ ምምሕዳር ትራምፕ ንዩክሬን ክህባ ቃል ዝኣተዎ መምኪ ሚሳይላት ድማ የደናገዮ ምህላዉን ኣረዲኡ።

"መራሕቲ ኣመሪካ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ጥራሕ ትኹረት ምግባሮምን ዝያዳ ንዕኦም ይሕግዘዎም ምህላዎምን ዘሕዝን'ዩ" ክብል'ውን ኣማሪሩ።

ወሃቢ ቃል ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ማርያ ዛኮሮቫ ብወገና፡ ዘለንስኪ ንስምምዕ ሰላም ተገዳስነት ከም ዘይብሉ ብምግላጽ ወቒሳ።

ንሳ ወሲኻ፡ እቲ ዩክሬናዊ መራሒ ኣብ መንነ ሩስያን ሃገራት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክን (ኔቶ)ን ቀጥታዊ ግጭት ከለዓዕል ይፍትን ከም ዘሎ'ውን ገሊጹ።



ኢራን፡ ንኣመሪካን እስራኤልን ትኸስስ

ኢራን፡ እቲ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ኩዌት ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ፡ ብኣመሪካ ወይ ብእስራኤል ተፈጺሙ ክኸውን ከም ዝኸእል ኣመልኪታ።

እቲ ህይወት ክልተ ኢጣልያውያን ዝለከመ መጥቃዕቲ፡ ዛጊት ዝኾነ ኣካል ሓላፍነት ከም ዘይወሰደሉ'ዩ ዝገለጽ ዘሎ።

ብመሰረት ሓበሬታ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢጣልያ፡ እቶም ግዳያት ምስ ሓደ ብሕታዊ ኩባንያ ኢጣልያ ተቐጺሮም ኣብ ሓደ ወተሃደራዊ ነቐጣ ናይ ኩዌት ዝሰርሑ ዝነበሩ ሲቪል ቴክኒሻናት እዮም።

ብዘይካ'ዘ፡ በቲ መጥቃዕቲ ሓደ ዜጋ ኩዌትን ሓደ ፓኪስታናዊን ከም ዝቐሰሉ፡ እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ሓቢሩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢጣልያ ኣንቶንዮ ታጃኒ ድማ ወግዓዊ ተቓውሞ ናብ ኤምባሲ ኢራን ኣብ ሮማ ከቕርብ ምኳኑ ቃል ኣትዩ'ሉ።

ንሽዱሽተ ሃገራት ዓረብ ዝሓቁፍ ዞባዊ ምትሕብባር ወሸመጥ ዓረብ (GCC) እውን፡ እቲ መጥቃዕቲ ብኢራን ከም እተፍጸመ'ዩ ዝኸስስ ዘሎ።

ነቲ መጥቃዕቲ፡ "ኣዝዩ ሓደገኛን ዘይቅቡልን ተግባር" ክብል'ውን ኮኒኑዎ ኣሉ።

ኣፈኛ ሰራዊት ኢራን ኣቦልፋዝል ሸኮርቺ ድማ፡ ኢራን ኣብታ መዓልቲ እቲኣ ኣብቲ ዞባ ዝኾነ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ከም ዘዋቀደት ኣፍሊጠ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብቲ ዞባ ተወሻኺ ዘይምርግጋእ ንምፍጣር፡ ናይ ሓሶት ባንዴራታት ተጠቒመን ነቲ መጥቃዕቲ ፈጺመንኦ ክኾና ከም ዝኸእላ ገለጸ።

ኢራን፡ ኣብ ልዕሊ ኩዌትን ካልኦት ወተሃደራዊ መደበራት ኣመሪካ ዝተደኻለን ሃገራት ወሸመጥ ዓረብን ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ድሮናትን ሚሳይላትን ከተካይድ ምጽንሓ ይፍለጥ።



"ሩስያ ንመጥቃዕቲ ትዳሎ ኣላ" ዘለንስኪ

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ሩስያ ኣብ ዝቕጽል መዓልታት ኣብ ልዕሊ ዩክሬን ሓድሽን ማዕበላውን መጥቃዕቲ ንምክያድ መደብ ከም ዘለዋ ሓቢሩ።

ንሱ ኣብ ሓበሬታኡ፡ "እቲ ዘሕዝን ነገር፡ ብዛዕባ ሓድሽ ኣልማሚ መጥቃዕቲ ሩስያ ዝምልከት ውጥን ኣቐዳምና ሓበሬታ ክንረክብ ምኽኣልና እዩ" ኢሉ።

ሓይልታት ሩስያ፡ ካብ ዝሓለፈ መስከረም ኣትሒዞም ኣብታ ርእሰ ከተማ ዝኾነት ኪያቭን ካልኦት ከተማታትን ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ከካይዱ ምጽንሖም እዩ ዝገለጽ።

ሩስያ፡ ከም ኣካል ናይቲ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን እተካይዶ ዘላ መጥቃዕትታት፡ ዝሓለፈ ረቡዕን ሓሙስን'ውን ኣብ ከተማ ኪያቭ ናይ ሚሳይል ደብዳብ ከም ዘካየደት፡ ከንቲባ ናይታ ከተማ ቪታሊ ክሊችኮ ሓቢሩ።

እቲ ከንቲባ ኣብ ሓበሬታኡ፡ በቲ መጥቃዕቲ ሸውዓተ ሰባት ከም ዝቐሰሉን፡ ክልተ ህንጻታት ድማ ኣብ ኣስጋኢ ኩነታት ከም ዝርከቡን ገለጸ።

ሩስያ ብወገና፡ በቲ ኣብ ከተማ ኪያቭ ዝፈጸመቶ ደብዳባት፡ ምስ መፍረ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ምትእስሳር ዘለዎ ኣገደስቲ ቦታታት ከም ዘዕነወት ኣፍሊጣ።

ትካል ሃገራዊ ስሊያ ዩክሬን ድማ፡ ሓይልታት ዩክሬን ድሮናት ተጠቒሞም ነቲ ኣብ ዞባ ክራስኖዳር ናይ ሩስያ ዝርከብ መጻረዩ ኑዳዲ ከም ዘጥቅዑዎ ገለጸ።



የመን - ብመጥቃዕቲ ስዑዲ ዓረብ 11 ሰባት ተቐቲሎም

ስዑዲ ዓረብ፡ ትማሊ ዓርቢ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል የመን ብዘፈጸመቶ መጥቃዕቲ፡ ብውሕዱ 11 የመናውያን ከም ዝሞቱ፡ ማዕከናት ዜና ናይታ ሃገር ሓቢረን።

ብስዑዲ ዓረብ ዝምራሕ ልፍንታዊ ወተሃደራዊ ሓይሊ፡ ሐቲ ተቐጻጺርዎ ኣብ ዝርከብ ከባቢታት የመን ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ኣየር ከካይድ ምጽንሑ እዩ ዝገለጽ።

ሐቲ እውን ከም መልሰ ግብሪ ናይቲ መጥቃዕትታት፡ ኣብ ልዕሊ መሳለጥያታት ጸዓት፡ መዓርፎ ነፈርትን ካልእ ኣገደስቲ ቦታታትን ስዑዲ ዓረብ መጥቃዕትታት ኣብ ምክያድ ይርከቡ።

ነፈርቲ ውግእ ስዑዲ ዓረብ፡ ትማሊ ዓርቢ ኣብ ከተማ ኣልቱርባ ኣብ ዝርከብ መንበሪ ህንጻ ደብዳብ ድሕሪ ምክያደን፡ መብዛሕትኦም ህጻናት ዝርከብዎም ሓያለ ሰባት ግደ ሞትን መቐሰልትን ከም ዝኾኑ ድማ፡ እተን ማዕከናት ዜና ገለጸን።

ዝሓለፈ ሓሙስ'ውን ሐቲ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ስዑዲ ዓረብ ኣብ ዝርከብ መጻረዩ ኑዳዲ ጀዛን ብዘፈጸሞ መጥቃዕቲ፡ ሓደ ኔፓላዊ ሰራሕተኛ ከም ዝሞተን ካልኦት ሓያሎ ሰባት ከም ዝቐሰሉን ማዕከናት ዜና ስዑዲ ዓረብ ሓቢረን።

ኣብ መንነ ሐቲን ሓይልታት መንግስቲ የመንን ግጭት ዳግማይ ካብ ዝጀምር ንደሓር፡ ዛጊት ልዕሊ 2,300 ሰባት ክቕተሉ እንከለወ፡ ካልኦት ልዕሊ 364,000 ሰባት ድማ ካብ መረበቶም ተመዛቢሎም ከም ዘለዉ እዩ ጸብጻብ ሕቡራት ሃገራት ዘመልክት።

ኣብ ስዑዲ ዓረብ እውን ብብሰንኪ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ሐቲ፡ ዛጊት 27 ሰባት ሞይቶም ከም ዘለዉ እዮም ጸብጻባት ናይታ ሃገር ዝጠቕሱ።



ኒጀር - ዕጡቓት 13 ሰባት ቀቲሎም

ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ኒጀር፡ ሳናም ኣብ ዝተባህለት ቁሸት ብዘተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ብውሕዱ 13 ወተሃደራት መንግስቲ ክቕተሉ እንከለወ፡ ካልኦት 20 ወተሃደራት ድማ ከም ዝቐሰሉ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ናይታ ሃገር ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስትሪ ኣብ ሓበሬታኡ፡ እቲ መጥቃዕቲ ብሓያለ ዕጡቓት ከም እተፈጸመ ድሕሪ ምግላጽ፡ "ሽበራዊ ተግባር" ክብል ኮኒኑዎ።

ድሕሪ'ቲ መጥቃዕቲ፡ ሓይልታት መንግስቲ ብዘካየዱዎ ቅልጡፍ ስርሒታት፡ ንሓያሎ ካብ'ቶም ዕጡቓት ከም ዝቐተሉን ሎጂስቲካዊ ትሕተ ቅርጾም ከም ዘዕነዉን እቲ ሚኒስትሪ ገለጸ።

ነቶም ዝተረፉ ዘምለጡ ዕጡቓት ንምድምሳስ'ውን ናይ ምድላይ ስርሒታት ይቕጽል ከም ዘሎ ወሲኹ ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስትሪ፡ ኣብ ዲፋ ዝተባህለ ካልእ ክፋል ናይታ ሃገር ምስ ቦኮ ሓራም ብዘተኣሳሰር መጥቃዕቲ፡ 11 ወተሃደራት መንግስቲ ከም እተቐትሉ ድሕሪ ምግላጹ ድሕሪ ክልተ መዓልታት እዩ እዚ ሓድሽ መጥቃዕቲ ዚጋጥም ዘሎ።

ሳናም፡ ኣብቲ ምስ ማሊ ዘዋስን ከባቢታት እትርከብ ቁሸት ኮይና፡ ዕጡቓት ጉጅለታት ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ጸጥታ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ከም ዝፍጽሙላ እዩ ዝንገረሉ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብታ ጎረቤት ኒጀር ዝኾነት ናይጀርያ እውን፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ዕጡቓት ብዘፈጸምዎ መጥቃዕቲ፡ ብውሕዱ 30 ሰባት ከም እተቐተሉን ሓያለ ዓድታት ከም ዝኸደዳን፡ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ኣመልኪቱ።



ተረኛ ፋርማሲ	ዕለት	ጎደና	ቁ.ስልኪ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣፍሪቃ	28/11/2026	ጎደና ማ.ት.ኣ-176 ቁ.25፡ ከባቢ ሲነማ ዳንተ	126003

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Babur Printing Services